# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

ዕላዊ ልሳን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ

DEMOKRASIAWIT ERITREA
OFFICIAL ORGAN OF E.L.F.R.C

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ክልተ ወርሓዊ መጽሔት

ሕታም ቍ.74 መስከረም-ጥቅምቲ 2006


## ገጽ 3 ...

እቲ ማእከላይ ነጥቢ ናይዚ ትሕዝቶ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ብተሳትፎ ኩሎም ኤርትርውያን ዝምስረት ፓርቲ ንምቛም ኢዩ። እዚ ክንብል እንከሎና ኣባላት ውድብና ይኹኑ ዘይኣባላትና ብማዕረ ካብ ምስንዳኡ ክሳዕ ምቛሙ ዝሳተፍሉ ፓርቲ ማለት ኢዩ።

## ገጽ 6 ....

ስልጣንን ሃብትን ኣብ ውሱን ማእከል ምእካቡ ዘስዕቦ ዘሎ ይኹን ንመጻኢ ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ኣብ ግምት ብምእታውን፡ ነቲ ዘይምዕሩይ ምዕባለ ህዝቢ ኤርትራ ብግቡእ ብምግንዛብን፡ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ሃገሩ ብዝለዓለ ደረጃኡ ንምርግጋጽን፡ ከምኡ ውን ንፍሉይ ጠላባት ህዝቢ ብቐረባ ዝስምዓሉን መፍትሒ ዝረኽበሉን ኣገባብ ክተኣታቶ ዘለዎ ተደላይነት ርእዩ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘይምእኩል ምሕደራ ንህዝቢ ኤርትራ ዘዋጽእ ፖለቲኮ ምምሕዳራዊ ውደባ ምዃኑ ኣሚኑ ሓደ ካብ ኣገዳሲ ውሳኔኡ ገይርዎ ኣሎ።

## ገጽ 8 ...

ሃብቲ፡ ፍልጠት፡ ክእለት ይኹን ጉልበት ኤርትራውያን ኣብ ጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ክውዕል ዝኽእል ምቹእ ንወፍሪ ርእሰማል ዘተባብዕ ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ ምኽታል እንተዘይኪይኑ ካልእ መዋጽኦ ከምዘየለ ብግቡእ ተገንዘበ።

q l › r ²Ã̈


1. X† [–-} cÃ̈
   እቲ ዝምስረት ሰልፊ እንታይ ዓይነት ክኸውን ኣለዎ .................1-2
2. ስለምንታይ ምምስራት ሰልፊ ኣድለየ .......................................3-5
3. ዘይምእኩል ምምሕዳር፡
   ኣገዳሲ ውሳኔ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ...................6-7
4. ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ፡ ስለምንታይ?
   ካብ ውሳኔታት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ..........................................7-8
5. ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንዝነፈጎም
   መሰላት ከምዝጭብጡ ምግባር ..............................................9-10
6. ዜናዊ ጸብጻብ ...................................................................11-24

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## እቲ ዝምስረት ሰልፊ እንታይ ዓይነት ሰልፊ ክኸውን ኣለዎ?

### 1. ድኽነት ንምድምሳስ ቀንዲ ዕላማኡ ዝገበረ ሰልፊ፡-

ቀንዲ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ካልኦት ኣብ ድሕረት ዝርከቡ ሃገራት ኣፍሪቃን እስያን ላቲን ኣመሪካን ድኽነት ኢዩ። ድኽነት እንተልዩ፡ ምዕብልና፡ ብልጽግና፡ ሰላም ክርከብ ኣይከኣልን ኢዩ። ስለዝኾነ፡ እቲ እንምስርቶ ሰልፊ፡ ዝምርሓሉ መሰረታዊ ስነ-ሓሳብ ድኽነት ንምልጋስ ዝዓለመ ክኸውን ኣለዎ። ድኽነት ድማ፡ ብትምህርቲ ደኣ'ምበር፡ በቲ ህግዲፍ ዝኽተሎ ዘሎ መርሆ፡ ንመንእሰያት ኣብ ግንባራት ናይ ውግእ ምውፋርን፡ ኣብ መደበራት ታዕሊም ምጕራትን፡ ኣስገዳድ ናይ ባርነት ስርሓት ብምክያድን ኣይኰነን ዘልግስ። ኣብ ዓለምና እተን ዝማዕበላ ሃገራት፡ ንትምህርቲ ቀዳምነት ክህባ ዝጸንሓን ጌና ውን ዝህባ ዘለዋን ሃገራት ምዃነን ድማ፡ ነዚ ልዕል ክንብል ዝጠቐስናዮ ሓቂ ዘረጋግጽ እኹል ምስክርነት ኢዩ። ንትምህርቲ ቀዳምነት ምሃብ ማለት ከኣ፡ ንመንእሰያት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ቀዳምነት ምሃብ ማለት ምዃኑ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ትምህርቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ብናጻ ክባጻሕ ከምዘለዎ ይኣምን። እንተኾነ ግን፡ እዚ ምስ ዓቕምታት ናይ'ታ ሃገር ዝተኣሳሰር ጕዳይ ስለዝኾነ፡ ናብ'ቲ ናይ ርሑቕ ዕላማ ንምብጻሕ ደረጃ ብደረጃ ክኸየድ ከምዘለዎ ድማ ዝስሓት ኣይኰነን። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤኡ ይኹን ቅድም ክብል ኣብ ዘካየዶም ጕባኤታት፡ ትምህርቲ ክሳዕ 6ይ ክፍሊ ናጻን ግድነታውን ክኸውን ኣለዎ ኢሉ ዝወሰነ።

### 2. ሰላምን ብልጽግናን ንምስፋን ዝቃለስ ሰልፊ፡-

ዜጋታት፡ ብሰላም ናብ ስርሖምን ትምህርቶምን ወፊሮም፡ ብሰላም ክምለሱ ዘይክእሉ እንተደኣ ኰይኖም፤ ኣህዛብ ናይ ጐረባብቲ ሃገራት ፍርያቶምን ፍልጠቶምን ተመኵሮታቶምን ዝለዋወጥሉን፥ ኣብ ግዜ ጸገም ነንሓድሕዶም ዝደጋገፍሉን ዝምድናታት ከጥርዩ እንተዘይኪኢሎም ብልጽግና ክረጋገጽ ኣይከኣልን ኢዩ። ብልጽግና እንተደኣ ዘይሃልዩ ድማ፡ ሰባት ብሕማምን ድኽነትን ድንቍርናን ይሳቐዩን፤ ኣብ'ተን ዝርካበን ፍርያት ክዋጠጡን ክዋግኡን፤ ንዝሓሸ መነባብሮ ክብሉ ናብ ስደት ከምርሑን ይግደዱ። ስለ'ዚ ብልጽግና ብዘይ ሰላም፡ ሰላም ከኣ ብዘይብልጽግና ክርከብ ኣይከኣልን።

ብልጽግና ሃልዩ ውን፡ ሃብቲ ሃገር ብግቡእን ፍትሓውን ኣገባብ ኣብ መንጎ ዜጋታት እታ ሃገር እንተደኣ ዘይተመቓሪሑ፤ ኣብ መንጎ ሃብታምን ድኻን ዘሎ ጋግ ኣዝዩ እንተደኣ ተጋፊሑ፡ ናይ ስእነት ሰላምን ዘይምርግጋእን ረቛሒ ከምዝኸውን ክዝንጋዕ ኣይግብኣን። ብኻልእ ሸነኽ ውን፡ ሰላም ቀጻልን ዘላቕን ዝኸውን ኣብ ዲሞክራስያዊ ሃዋህው ዝሰፈኖ ኵነታት ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ጭቆናን ዓፈናን ቅንጸላን ምጕብዕባዕን ተቓውሞን ጽልእን ኢዩ ዝወልድ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ እንምስርቶ ሰልፊ፡ ሰላምን ብልጽግናን ፍትሓዊ ኣዘረጋግሓ ሃብትን ዲሞክራስን ንምስፋን ዝቃለስ ሰልፊ ክኸውን ኣለዎ።

### 3. ብሓድነትን ብዙሕነትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣምን ሰልፊ፡-

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ መዳይ ዝተጋህዱን ዝግሃዱን ዘሎ ክልተ ጽርዲ

ዝኾነ ጫፋት ዝሓዙ ኣተሓሳስባታት ኣለዉ። እቲ ሓደ ጫፍ፡ “ሓደ ልቢ፡ ሓደ ህዝቢ” ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሆ፡ ነቲ ናይ ህዝብና ባህላውን ቋንቋውን መበቆላውን ሃይማኖታውን ብሄራውን ቀቢላው ብዙሕነት ዝኽሕድ ክኸውን እንከሎ፤ እቲ ካልኣይ ጫፍ ድማ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ዝኣሳስር ነገር ዘይብሉ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ህዝብታት ገይሩ ዝወስድ ኢዩ።

እቲ ንምምስራቱ እንብገስ ዘሎና ሰልፊ እምበኣር፡ ንናይ ኤርትራ ፖለቲካውን ማሕበራውን ባህላውን ቍጣባውን ...ወዘተ ብዙሕነት ዝቕበልን፤ ከምኡ ውን፡ ኤርትራ ዶባታ ብመግዛእቲ ካብ ዝተሓንጸጸሉ እዋን ኣትሒዛ፡ ህዝባ ብባዕዳውያን ገዛእቲ ክሳቐን፤ ንተመሳሳሊ ጸገማት ክቃላዕን፤ ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ንናጽነቱን ክብሩን ሓቢሩ ክቃለስ ዝጸንሐን ህዝቢ ምዃኑ ዝኣምንን ሰልፊ ክኸውን ኣለዎ። ከምኡ ውን፡ ከም ውጽኢት ናይ’ዚ ንነዊሕ እዋን ኣብ ትሕቲ ሓደ ጂኦግራፍያዊ ክሊ ምንባርን፥ ንተመሳሳሊ ጸገማት ምቅላዕን፥ ሓቢሩ ንናጽነት ምቅላስን፥ ብኣተሓሳስባ ኰነ ብመውስቦ እናተቐራረበን እናተኣታተወን ዝመጸ ህዝቢ ምዃኑ ዝግንዘብ ሰልፊ ክኸውን የድሊ። ካብ’ዚ ተረድኦ’ዚ፡ ምስ እንብገስ ጥራሕ ከኣ ኢና ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ክንምስርት እንኽእል። ስለዝኾነ፡ መርሆና፡ ንሓቀኛ ክውንነት ሕብረተ-ሰብና ዘንጸባርቕ ”ሓድነት ናይ ብዙሕነት” ዝብል ክኸውን ኣለዎ። እዚ ምስ ዝገብር ጥራሕ ከኣ’ዩ፡ ናይ ካልኦት ርእይቶ ከኽብርን፤ ምስ ካልኦት ካብኡ ፍልይ ዝበሉ ኣካላት ብሰላም ሓቢሩ ጐኒ ንጐኒ ክነብርን፤ ከምኡ ውን፡ ኣሳታፊ ሰልፊ ክኸውንን ዝኽእል።

4. ንመትከላት ናይ ግሉጽነትን ዲሞክራስን ዝምእዘዝ ሰልፊ፡-

እቲ ዝምስረት ሰልፊ፡ ኣብ ውሽጣዊ ህይወቱ ግሉጽ ዝኾነ ኣሰራርሓ ዝጥቀምን፤ ንኹሎም ናይ ዲሞክራሲ መቐሚታት ዝምእዘዝን ክኸውን ኣለዎ። “ዘይብሉ ክህብ ስለዘይክእል” ኣብ ውሽጣዊ ህይወቱ ግሉጽነት ዘይብሉን፥ ንዲሞክራስያዊ መትከላትን ሕግታትን ዘይምእዘዝ ሰልፊ፥ ንህዝቢ ግሉጽን ክኸውንን ዲሞክራሲ ከንግስን ፈጺሙ ዘይሕሰብን ዘይክኣልን ኢዩ።

5. ናጽነት ናይ ፖለቲካዊ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ዘይህብ ሰልፊ፡-

ዝኾነ ይኹን ውድብ ወይ ሰልፊ፡ ምስ ካልኦት ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሰልፍታት፡ መንግስታት፡ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝምድናታት ክፈጥር መሰሉ ኢዩ። እዚ ዝምድናታት’ዚ ግን፡ ኣብ ሓባራዊ ህዝባዊ ረብሓታት ዝተመርኰሰ ደኣ’ምበር፤ እቲ ሓደ ሽንኽ ዝኸስበሉ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ጥራሕ ኢዱ ዝወጸሉ ወይ ድማ ናይ ኣህዛብ ዘይኰነስ ናይ መንግስታት ዝምድናታት ጥራሕ ኰይኑ ዝተርፈሉ ክኸውን ኣይግባእን። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ እንምስርቶ ሰልፊ፡ ንግዝያዊ ረብሓታት ክብል መሳርሒ ናይ ካልእ ግዳማዊ ሓይሊ ወይ ግዳማዊ ኣጀንዳታት ከይከውንን፤ ንናጻ ፖለቲካዊ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ከይህብን ክጥንቀቕ ይግብኦ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ እቲ ሰልፊ ኣብ ተኣምራታውን ፈልፋልን ዓቕምታት ህዝቡን ኣባላቱን ዝኣምንን ኣብኡ ዝምርኰስን ብልዑላውነት ናይ ህዝቢ ዝቕየድን ክኸውን ኣለዎ።

6. ኣብ ቀጻሊ ለውጥን ምዕባለን ዝኣምን ሰልፊ፡-

ዓለምናን ዞባናን ሃገርናን ኣብ ቀጻሊ ምዕባለታት ከምዘለዉ ተገንዚቡ፤ ምስ’ቶም በብእዋኑ ዝምዝገቡ ለውጥታት ዝሰማማዕ ምምሕያሻት ኣብ ፕሮግራማቱን ኣሰራርሓኡን ኣመራርሓኡን ዘተኣታቱን ብሩህ ናይ መጻኢ ራእይ ዝውንንን ሰልፊ ክኸውን ኣለዎ።

7. ናይ ህዝብና ህርኩትነትን ኣብ ቃልስና ዝተጠርዩ ናይ ጽንዓትን ተወፋይነትን ምትሕልላይን ጠባያት ዘዕቅብን ዘማዕብልን ሰልፊ ክኸውን ኣለዎ። ከምኡ ውን፡ ነቲ ናይ ህግዲፍ ናይ ጐነጽ ባህሊ ዝነጽግን፡ ናይ ልዝብ ባህሊ ንምስራጽ ዝቃለስን ሰልፊ ክኸውን ኣለዎ።

# ስለምንታይ ምምስራት ሰልፊ ኣድልየ

ውድብ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዝሓለፈ ጉባኤኡ ኲሉዉቲ ኣብ ዲሞክራሲን ፍትሒን ዝኣምን ኤርትራዊ ዝሳተፎ ፓርቲ ንምቛም ከምዝወሰነ ሎሚ ንኹሉ ንጹር ኣሎ። እዚ ውሳኔ ድሕሪ ምውጽኡ ዝተላዕሉ ሕቶታት ኣለዉ። ገለ ካብኣታቶም ካኣ ሰውራዊ ባይቶ ንነብሱ ብፓርቲ ኣቢሉ ኣሐይሉ ንሓድነት ምስ ካልኦት ውድባት ረጊጽዎ ክኸይድ ስለዝደልየ ኢዩ፣ ሰውራዊ ባይቶ ንነብሱ ናብ ፓርቲ ድሕሪ ምስግጋር ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ገዲፍዎ ክኸይድ ስለዝደልየ ኢዩ ዝብሉ ኢዮም።

ነዞም ሕቶታት ቅድሚ ምምላስ እቲ ትሕዝቶ ናይቲ ውሳኔ እንታይ ከምዝኾነን ስለምንታይ ከምዝተመርጸን ምብራህ ኣድላይነት ኣለዎ።

## ትሕዝቶ ናይቲ ውሳኔ

1. ውድብና ተጋድሎ ሓርነት ሰውራዊ ባይቶ ንዕማማት ናይ ሎምን ናይ ጽባሕን ብቑዕን ድልዱልን ኮይኑ ክርከብ፡ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ፖሊቲካዊ ሰልፊ ክምስረት ተደላይነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ብምግንዛብ፤

1.1. 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ፖሊቲካዊ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ክለተ ዓመት ክምስረት ወሲኑ

1.2. ኣብ ግብሪ ኣዋዓዕልኡ ድማ ውድብና ምስ ካልኦት ብዕላማ ዝመሳሰልኦ ውድባት፣ ጉጅለታት፣ ምሁራት ኣካላት፣ ውልቀሰባት ብሓባራዊ ምስንዳእ ሓባራዊ መደብ ዕዮ ብምንዳፍ ብመንገዲ መስራቲ ጉባኤ ክቐውም ርእዩ።

1.3. ነዚ ንምርግጋጽ ከም መበገሲ ውድብና ሓንቲ ናይ ድህሰሳን መጽናዕትን ሽማግለ ኣቚሙ ኣሎ።

1.4. ዕማም ናይ'ዛ ሽማግለ እዚኣ ከኣ፡

1.4.1. ነዚ ውሳኔ ምብራህን ኣባላት ናይዚ ፓርቲ ንክኾኑ ዝወሰኑ ኤርትርውያን ምድህሳስን፤

1.4.2. ካብቶም ነቲ ሓሳብ ዝተቐበሉ ኣካላት ዝተመርጸት ናይ ፓርቲ ኣሰናዳኢት ኮሚሽን ምቛምን፡ ዕማም ሽማግለ ድህሰሳ ድማ፡ ድሕሪ ምቛም ናይ ፓርቲ ኣሰናዳኢት ኮሚሽን ይውዳእ።

1.4.3. ናይ ፓርቲ ኣሰናዳኢት ኮሚሽን ሓላፍነት ምስንዳእ ፓርቲ ብኹሉ መዳያቱ ትሽከም።

እቲ ማእከላይ ነጥቢ ናይዚ ትሕዝቶ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ብተሳትፎ ኩሎም ኤርትርውያን ዝምስረት ፓርቲ ንምቛም ኢዩ። እዚ ክንብል እንከሎና ኣባላት ውድብና ይኹኑ ዘይኣባላትና ብማዕረ ካብ ምስንዳኡ ክሳዕ ምቛሙ ዝሳተፍሉ ፓርቲ ማለት ኢዩ።

ብተግባራዊ ፖሊቲካዊ ኣሰራርሓ ዓይኒ ክጥመት እንከሎ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣየተወስደን ክበሃል ይካእል። ምኽንያቱ ከኣ፡ ዝኾነ ፖሊቲካዊ ውድብ ካልኦት ከም ውልቀሰባት ከምዝጽንበርዎ እንዳገበረ ንነብሱ ኣሓዪሉ ንሱ ዝዕብልሎ ስልጣን ንምጭባጥ ድኣ ይቃለስ እምበር፥ ንናይ መጻኢ ዕድል ናይ'ቲ ንመዋእሉ ዝተቓለሰሉ ውድብ ንኻልኦት ኣሕሊፉ ኣይህብን ኢዩ።

ስለምንታይ እዚ መንገዲ እዚ ተመሪጹ?

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንሃገርና ብኹሉ መዳያት ኣብ ዘብርሰላ ዘሎ እዋን ውድብና ምውዳቕ ናይዚ ስርዓት እዚ ንጽባሕ ዘይብሃል ጉዳይ ከምዝኾነ መዚኑ፤ ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ ተሳትፎ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ምውዳቕ እዚ ኣረመናዊ ስርዓት እዚ ዕዙዝ ኣድላይነት ከምዘለዎ ርእዩ። ነዚ ሸቶዚ ንምህራም ከኣ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ፓርቲ ምምስራት መወዳድርቲ ዘይብሎ እንኮ ምርጫ ስለዝኾነ ኢዩ ነዚ ኣገባብ ኣቋውማ ፓርቲ ዝመረጸ።

ውድብና ስለምንታይ ኣብ 6ይ ጉባኤኡ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ ፓርቲ ንኽምስረት ወሰኑ?

1. ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ኤርትራዊ ፖሊቲካ

ድሕሪ 1970 ብ ናይ ተ.ሓ.ኤን ህ.ግንባርን ኢዩ ዝግለጽ ክበሃል ይከኣል። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብተግባር ሰዓቢ ናይ ሓደ ካብዘን ክልተ ፖሊቲካዊ ውድባት ኮይኑ ስለዝጸንሔ እቲ ዝተኸተሎ ፖሊቲካዊ መሰመር ከም ናቱ መለለዪ መንነት ጌሩ ኢዩ ዝወስዶ። ስለዝኾነ ንኤርትርውያን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ነቶም ንመስመር ህ.ግ ከም መለለይኦም ሒዞም ዝጸንሑ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ ንክኾኑ ስለዘጸግሞም ነዚ ዕርዲ ንምስባርን ንዝሓለፈ ብተ.ሓ.ኤ ን ህ.ግንባርን ዝግለጽ ፖሊቲካ ኣብ ናይ ታሪኽ ማህደር ኣቐሚጡ ሓዲሽ ፖሊቲካዊ ታሪኽ ዝጅምር ፓርቲ መሰረታዊ መፍትሒ ናይ ኾሉ ጸገማት ህዝብና ኢዩ ኢሉ ስለዝኣመነ'ዩ።

2. ናይ ሎሚ መንእሰይ ወለዶ ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ በቲ ስርዓት ህግደፍ ዝገልጸን ኣገባ ስለዝተላለየን፤ ርእይቶኡ ኣብ ተቓወምቲ ውድባት ኣሉታዊ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ምስ ተቓውምቲ ውድባት ናይ ምስራሕ ድሌት ከምዘይብሉ ኩሉ ዘስተብህለሉ ዘሎ ሓቂ ኢዩ። ናይ መንእሰይ ኣብ ቃልሲ ዘይምስታፍ ከኣ ብናይ ሎምን ጽባሕን ዓይኒ ክረአ እንከሎ ንህግደፍ እምበር ንህዝብናስ ኣይገልግሎን ኢዩ። እምበኣር ተሳትፎ መንእሰይ ንምርግጋጽ እውን ኣብ ክንዲ ኣባል ናይቲ ንሱ ብኣሉታ ዘለልዮ ውድባት ንኽኸውን እንዕድሞ ኣባል ናይቲ ኣብ ምምስራቱ ናይ ምሉእ ተሳትፎ ዘረጋግጸሉ ፓርቲ ከምዝኸውን ምግባር ዝለዓለ ምትእምማን ከረጋግጸሉ ስለዝኽእል ንመንእሰይና ተራኡ ንኽጸወት ዓቢ ኣፍደገ ዝኸፍት መንገዲ ጌርና ስለ እንርእዮ።

3. እተን ሓደ ዓይነት ፖሊቲካዊ መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት እውን ቅድሚ ሕጂ ካብ ዘለወን ናይ ሓድሕድ ምጥርጣራት ከምቲ ዝድለ ናብ ሓደ ከመጽኣ ኣይተራእያን። እንተድኣ ኩለን ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘቐድማ ኰይነን፡ ጉባኤና "ኩላትና ውድባትና ፈንጢሕና ኣባልነት ናይ ሰፊሕ ኤርትራዊ ብዘረጋግጽ መንገዲ ሓደ ፓርቲ ንመስርት" ኢሉ ይብድህ ኣሎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንናትና ሓድነት ንሕና ጥራሕ ኣብ ዕጽው ገዛ ንኽንውሰን ኣብ ክንዲ ኮለል ንብል ሰፊሕ ኤርትራዊ ከምዝሳተፎ ንገብር።

4. ውድብና ንጸቢብ ውድባው ረብሓኡ ከም ቀዳማይ ዕማሙ ከምዝሕዞ ጌሮም ዝርድኡ ኣባላቱ ኮይኖም ንኽቃለሱ ሸውሃት ዝሳኣኑ ኤርትራውያን ናይ ቃልሲ ሸውሃቶም ንምሕዳስ፤

5. ህዝብና ብህግደፍ ስለዝተጠልመ እሞ ካብዚ ጥልመት እዚ ተበጊሱ እምነቱ ካብ ዝኾነ ፖሊቲካዊ ውድብ ስለዝሰሓበ እምነቱ ንሱ ባዕሉ ብዝምስርቶ ፓርቲ ኣቢልና ንምምላሱ ይከኣል ኢዩ ዝብል እምነት ስለዘሎና።

ብኣጠቓላሊ እቲ ንሃገርና ንሎሚ ይኹን ንጽባሕ ዘድልያ ሓድነት ብምርግጋጽ ጸቢብ ውድባዊ ረብሓ ዘይኮነስ ብምርግጋጽ ሰፊሕ ሃገራዊ ዕግበት ጥራሕ ኢዩ ክዕወት ዝኽእል ዝብል እምነት ሰለዘሎና ኢዩ ንውድብና ምእንቲ እዚ ዕላማ ክንስውእ ንመርጽ ዘሎና። ስለዚ ውድብና ነቲ ኩሉ ምእንቲ ሓድነት ንምርግጋጽ ዝተኸተልናዮም መንገድታትን ጉድለታቶምን ብሓደ ሸነኽ ነቲ ኤርትራዊ ፖሊቲካዊ ክውንነት ከኣ ብኻልእ ሸነኽ ብደቂቕ ድሕሪ ምምዛን ኢዩ ነዚ ውሳኔ መሪጹ።

ውድብና፡ ምእንቲ ሃገራዊ ሓድነት፡ ክኸፈል ዘለዎ ዋጋ ትኸፍል ከምዘላ ንጹር ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዝተርፍ ዘሎ ግደ ናይ ኩሎም እቶም ብሓድነትን ዲሞክራሲን ፍትሕን ንሕለቕ ኢና ዝብሉ ኤርትራውያን ኢዩ። ንዝብልዎን ዝጽሕፍዎን ብተግባር ከመይ ከምዘሰንይዎ ክንርኢ ድማ፡ ብሃንቀውታ ንጽበ ኣሎና።

ውድብና ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም እስትራተጂ ደኣ እምበር ከም ናይዚ ጊዜ እዚ መሳርሒ ጥራሕ ጌሩ ኣይተርእዮን ኢያ። ምኽንያቱ ከኣ፡

1. ኣብዛሓ ሰልፍታት ምህላው ኣብ ኤርትራ ዋጋ ዕዳጋ ዘይንገብረሉ መትከል ስለ ዝኾነ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ከኣ ናይዚ መግለጺ ኢዩ ኢልና ስለ እንኣምን፤

2. እተን ኣብ ሃገርና ዘለዋ ሕብረተሰባውያን ጉጅለታት በተን ኣብ ኪዳን ዘለዋ ውድባት ይውክላ ኢየን ኢልና ስለ እንኣምን፤

ውክልና ኩለን ኤርትራዊያን ጉጅለታት ከኣ፡ ከም መሰረታዊ ነጥቢ ናይቲ ኣብ ኤርትራ ክንክተሎ ዘሎና ዲሞክራሲ ኢልና ስለ እንእንርዳእ።

ውድብና ንኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ረጊጽዎ ናይ ምኻድ ዕላማ የብሉን ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እንዳማዕበለ ንኽኸይድ ዘይሕለል ጻዕሪ ክገብር ኢዩ። ንጻዕርታቱ ንምዕዋት፡-

ሀ. ሓድነት ህዝብና፡ ብሓድነት ናይተን ሓደ ዓይነት መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት ጥራሕ ከምዘይረጋገጽ ኢና እንእምን። ናይተን ሓደ ዓይነት መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት ኣብ ሓደ ውድብ ምጥርናፍ፡ ሓደ ስጉምቲ ንምርግጋጽ ሓድነት ህዝብና ኰይኑ፥ ናይተን ዝተፈላለየ መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት ምስ ፍልልያተን ብሓደ ምስራሕን ምንባርን እውን እቲ ካልኣይ ሽነኽ ምዃኑ ኢና እንኣምን። ነዚ እምነት እዚ ናይ ኩሉ ንምግባር ከኣ፡ ዓቕምና ዘፍቅዶ ኩሉ ክንገብርን ዝግብኦ ዋጋ እውን ክንከፍል ኢና።

ለ. ኩሉ ሽነኻዊ ሓድነት ከኣ ብናይ ኩሉ ሽነኻት ስክፍታ ክትፈትሕን ክተፋኹስን ብምፍታን ድኣ እምበር ንናይ ሓደ ሽነኽ ስክፍታ ንምፍኳስን ንምፍታሕን ብምቕላስ ክረጋገጽ ስለ ዘይካኣል ውድብና ንናይ ኩሉ ሽነኻዊ ስክፍታ ንምፍዋስ መታን ክበቕዕ ንስክፍታት ኩሉ ሽነኻት ንምርዳእ ብጽሞና ንኽሰምዕ ይጽዕርን ይቃለስን ኣሎ።

ሐ. ፍልልያት ኣብ ምፍታሕን ምጽባብን፡ ሓደ ሽነኽ ጥራሕ ዘይኮነስ ኩሉ ኣካል ናይቲ ፍልልያት ዝዓግበሉ ፍትሓት ንምርግጋጽ ዝኣክል ጻዕርን ተጻዋርነትን ምግባር ከምዘድሊ ንኣምን። ብኻልእ ኣዘራርባ ፡ ንኽነረጋግጾ ዝመደብናዮ ፍታሕ ምሉእ ብምሉእ ከምቲ ንሕና እንደልዮ ስለዘይኮነ ስምምዕ ከምዘይተገብረ ጌርካ ምውሳድ ንድሕሪት ዝጎትት ድኣ እምበር ንቕድሚት ዘይደፍእ ኣገባብ ምኻኑ በጺሕናዮ ኣሎና። ክንዲቲ ዝበጻሕናዮ ስምምዓት ተጠቒምና ናብ ዝልዓለ ስምምዓት ምብጻሕ ኢዩ ጻዕርና። እዚ መንገዲ እዚ ንምጥርጣራት እንዳወገደ ናብ ክትበጽሖ እትደልዮ ስምምዓት ከብጽሕ ዝኽእል መንገዲ ከምዝኾነ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ብሓጺሩ፡ ውድብና ንሓደ ኣራኣእያ ዘለዎም ፖለቲካዊ ውድባት ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ብሓባርን ብማዕርነትን ናብ ሓደ ንምምጻእ ብሓባር ካብ መጀመርትኡ ክሳብ መወዳእትኡ ኩላትና ብእንሳተፈሉ መንገዲ ሓደ ፓርቲ ንህነጽ ዝብል ዕድመ ዘርጊሑ ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ምእንቲ እዚ ቅዱስ ዕላማ እውን ነብሱ ንኽስውእ ቅሩብነቱ ኣርእዩ ኣሎ። ነዚ ታሪኻዊ ዕድመ ናይ ምቕባል ከኣ፡ ግደ ናይ ኩሉ ብተግባር ኣብ ኤርትራ ታሪኻዊ ግደኡ ክጻወት ዝደሊ ኤርትራዊ ኢዩ። በዚ፡ ንኹሉ ናይ ቃልሲ መንገዲ ተዓጽዩዎ ዝነበረ ኤርትራዊ ናይ ቃልሲ ማዕጾ ንኽፍተሉ ኣሎና ዝብል እምነት ኣሎና።

በቲ ካልኣይ ሽነኹ ከኣ፡ ምስ ፍልልያት ዘሎና ሽነኻት እውን እንተኾነ ምስ ፍልልያተን ብኸንዲ ቲ ክንሰማምዖ እንኽእል ስምምዓት ተጠቒምና ክንሰርሕን ብሓባር ብሰላም ክነብር ከም እንኽእልን፤ እንተተኻኢሉ ውን፡ ናብ ዝለዓለ ስምምዓት ንምብጻሕን ከምዝከኣል ፈሊጥና ንምዕዋቱ ብዅሉ ዘሎና ዓቕምታት ክንቃለሰሉ ኢና።

**ንፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን ብልጽግናን ሰብኣዊ ክብርን ዝቃለስ ሰልፊ ንምምስራት ንቃለስ**

# ዘይምእኩል ምሕደራ ኣገዳሲ ውሳኔ 6ይ ሃ/ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ ሰ/ባ

ስልጣንን ሃብትን ኣብ ውሱን ማእከል ምእካቡ ዘስዕቦ ዘሎ ደኺን ንመጻኢ ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ኣብ ግምት ብምእታውን፣ ነቲ ዘይምዕሩይ ምዕባለ ህዝቢ ኤርትራ ብግቡእ ብምግንዛብን፣ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ሃገሩ ብዝለዓለ ደረጃኡ ንምርግጋጽን፣ ከምኡ ውን ንፍሉይ ጠላባት ህዝቢ ብቐረባ ዝስምዓሉን መፍትሒ ዝረኽበሉን ኣገባብ ክተኣታቶ ዘለዎ ተደላይነት ርእዩ፣ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘይምእኩል ምሕደራ ንህዝቢ ኤርትራ ዘዋጽእ ፖለቲኮ ምምሕዳራዊ ውደባ ምዃኑ ኣሚኑ ሓደ ካብ ኣገዳሲ ውሳኔኡ ገይርዎ ኣሎ።

ጉባኤ ኣብዚ ውሳኔ እዚ ክበጽሕ ከሎ ነቲ ኣብ ሃገርና ዝቕልቀል ዘሎ ጥሩፍ ዝምባለታት ኣስተብሂሉሉ እዩ። ንሓድነትን ፍልልይ ህዝቢ ኤርትራ ዝጠምር ገመድ ብጥንቃቐ ዘይምሓዝ ሓደገይና ምዃኑ ኣስሚሪሉ እዩ። እቶም ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ልክዑ ንላዕሊ ኣጋኒኖም ዘቕርቡ፣ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ ባህላውን ቋንቋውን ሃይማኖቶውን ፍልልይ ከምዘሎ ዝዝንግዑ፣ ንሽግራት ህዝብና ኣብ ምፍታሕ ብቑዓት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ እቶም ንፍልልይ ኣጋኒኖም ዘቕርቡ፣ ንሕሉፍ ጌጋታት ኣቋሲሎም ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ክነብር ዘይክእል ኣምሲሎም ዘቕርቡ ሸነኻት ውን ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምፍታሕ ብቕዓት ዘለዎም ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ጉባኤ ነዚ ከምዚ ዝመስል ጥሩፍ ከስርሕ ዘይክእል ኣረኣእያታት እናነጸገ ንሓድነትን ፍልልይን ኣጣሚሩ ዝሕዝ መፍትሒ ቀሪቡ ኣሎ። እቲ ብዓዲ፣ ወረዳ፣ ኣውራጃን ሃገርን ዝዝርጋሕ ኣብ ዘይምእኩል ምሕደራ ዝምርኮስ ስርዓት ነቲ ኩሉ ዝጸንሐ ምጥርጣራት ኣብ ምውጋድ ተርኡ ተጻዊቱ ህዝብና ተኣማሚኑ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ ኣብ ጉደና ዕብየት ክምርሽ ክድግፍ እዩ።

ዘይምእኩል ምሕደራ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ሓዲሽ ኣይኮነን። ቅድሚ ምምጻእ ምእኩል ባዕዳዊ ምምሕዳር መግዛእቲ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብፍሉይ ቦታዊ ሕግታቱ ብዓቕሙ ትካላቱ ኣቑሙ ነብሱ ዘመሓድር ዝነበረ ህዝቢ እዩ። እቲ ሕጂ ዝጽዋዕ ዘሎ ዘይምእኩል ምሕደራ ከኣ ዋላኳ ብመልክዑን ዓይነቱን ካብኡ ኣዝዩ ዝተፈልየ እንተኾነ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮ ህዝቢ ኤርትራ ዝመሃሮ ትምህርቲ ከምዝህልዎ ክዝንጋዕ ኣይክእልን እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ቀደም ብባዕዳውያን ሕጂ ድማ ብደቂ ሃገር፣ ካብ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ሃገሩ ተወጊዱ ኣደዳ ሓሳረ መከራ ኮይኑ እዩ። ስልጣን ኣብ ኢድ ህዝቢ ተመሊሱ፣ ህዝቢ ባዕሉ ነብሱ ዘመሓድረሉ ሓይሊ ከይረኸበ ሽግሩን መከርኡን ክውዳእ ከምዘይክእል ዝኣመነ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፣ ዘይምእኩል ምሕደራ ንህዝቢ ሓይሊ ምሃብ፣ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካውን ምጣነሃብታዊ ህይወት ሃገር ምዕዛዝ ምዃኑ ኣብሪህዎ እዩ። ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝዝርጋሕ ኣብ ምክፍፋል ስልጣንን ፍትሓዊ ኣዘራግሓ ሃብትን ዝኣምን ዘይምእኩል ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ንቐጻሊ ዕብየት ሃገርና ዘውሕስ ዘተኣማምን ስርዓተ ምሕደራ እዩ።

እዚ ዘተኣማምን ስርዓተ ምሕደራ፣ ንስልጣንን ሃብትን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሕ/ሰብና ከምዝዝርጋሕ ብምግባር ነቲ ዘይምዕሩይ ምጣነሃብታዊ ኣተሃላልዋ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምምዕራይ ተርኡ ክጻወት ይኽእል እዩ። እቲ ህዝቢ ማእከሉ ዘይገብር ምጣኔሃብታዊ መደባት ህሉው ስርዓት ኤርትራ ግን፣ ነቲ ዘይተመጣጠነ ምዕባለ ህዝብና ዝምልከት ጭቡጥ መደባት የብሉን። ነቲ ዘይምዕሩይ ምጣኔሃብታዊ ኣተሃላልዋ ሕ/ሰብ ኤርትራ ከመዓራሪ ዝብገስ ስትራተጂካዊ ምጣኔሃብታዊ መደባት ብትኪቦ ካብ ላዕሊ ዝስንዶ ዘይኮነስ

ብጭቡጥ ነቲ ኣብ ድሕረትን ደኽነትን ዝርከብ ወገን ሓይሊን ስልጣንን ሂቡ ህዝቢ ባዕሉ ወሳኒ ባዕሉ ተግባሪ ክኸውን ዘኽእሎ ምምሕዳራዊ ስርዓት ኣብ እተረጋገጸሉ ኩነታት ጥራይ'ዩ ዝዕወት። እቲ ኣብ ምክፍፋል ስልጣን ዘይኣምን፡ ብውሑዳት ውልቀሰባት ዝዝወር ምልካዊ ስርዓት ግን እቲ ህዝብና ዝብህጎ ፖለቲካውን ምጣኔሃብታውን ለውጢ ከረጋግጽ ፍጹም ብቕዓት የብሉን።

ህሉው ስርዓት ይኹን ዝሓለፉ ገዛእቲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነንሕድሕዱ ከይተኣማመን ብወገንን ዓሌትን ሃይማኖትን ክፈላልዮዎ ጸኒሖም እዮም። እቲ ዝዘርእዎ ናይ ምጥርጣር ዘርኦም ኣብ ቦትኡ ክመክን ዝኽእል፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ እምነት ኣሕዲርካ ነቲ ውሱን ጸገማት ብዝግባእ ተገንዚብካ ንዘይምእኩል ምምሕዳር እንዳተጣበቕካ ንዲሞክራስያዊ ሓድነት ኤርትራውያን ምጽዋዕ እዩ። 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ብሓደ ወገን ንዘይምእኩል ስርዓት ምምሕዳር እናተሞጎተ፡ ንኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን ሓዲሽ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ክቕሙ ዝጸውዐ።

እቲ ኣብ ጉባኤ ተሓንጺጹ ዘሎ ክሳዳዊ መደባት ነንሕድሕዱ ዝተኣሳሰረ እዩ። ምልካዊ ስርዓት ኣልጊስካ ናይ ብዙሓት ፓርትታት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል፡ ኣብ ብዕዳጋ ዝድረኽ ምጣኔ ሃብቲ፡ ዘይምእኩል ስርዓት ኣመሓድራ ምትእትታው፡ ዝብሉ መደባት ኣዝዮም በዳህቲ እዮም። ተራ ማእከላይ መንግስቲ ከኣ ነቲ ሓፈሻዊ ፖለቲካውን ምጣኔሃብታውን ሕንጻጻት ኣጽኒዑ ብምሓዝ ብእተወሃሃደ መንገዲ ሃገር ንቕድሚት እትስጉመሉ ኣመራርሓ ምሃብ እዩ። ከምዚ ዝመስል ሓዲሽ ሃዋህው ሓላፍነቱ ከቢድ እዩ። ነዚ ከቢድ ሓላፍነት ዝበቅዕ፡ ብቑዕ ኣመራርሓ ከበርክት ዝኽእል ሓዲሽ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ክቘውም ድማ እቲ እዋን ይሓትት እሎ። 6ይ ጉባኤ ነዚ ታሪኻዊ ጠለብ እዚ ብምርዳእ እዩ ኣብ ኣባላቱ ዘይሕጸር ምስ ካልኦት ኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን ተላዚብካ ዝፍጸም ሓዲሽ ዲሞክራስያዊ ህዝባዊ ሰልፊ ክቘውም ዝኣወጀ።

ዘይምእኩል ምምሕዳር እምበኣር 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ዝወሰኖም ታሪኻዊ ውሳኔታት ኮይኑ ምስቶም ካልኦት ውሳኔታት ጉባኤ ጽኑዕ ምትእሳሰር ዘለዎ ስትራተጅካዊ መደብ እዩ።

## ናይ ዕዳጋ ምጣኑ-ሃብቲ፡ ስለምንታይ?
## ካብ ውሳኔታት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

እቲ ኣብ ሓደ ውሱን መዋእል፡ ንፍጡን ምጣኔሃብታዊ ዕብየት ከምዝድግፍ ዝእመነሉ ዝነበረ፡ ምእኩል ምጣኑ-ሃብታዊ ስርዓት ፍሽለቱ እናረጋገጸ ምስ ከደ፡ ናይ ዕዳጋ ምጣኑ-ሃብታዊ ፍልስፍና ሓዲሽ ህይወት ረኺቡ'ዩ። ኣብ'ተን ብምብራቓዊ ኣተሓሳስባ ዝምርሓ ዝነበራ ሃገራት፡ ክስተር ዘይክእል ምጣኑ-ሃብታዊ ቅልውላው ተፈጢሩ ንፖለቲካዊ ስርዓተን ዘናቓንቕ ሓዲሽ ፖለቲካዊ ህቦብላ ተላዕለ። ከም ውጽኢት እዚ ምዕባለ እዚ ከኣ መብዛሕትኣን ሃገራት ዓለም ንዕዳጋዊ ምጣኑ-ሃብቲ ከም መተካእታ ዘይብሉ ስርዓተ ምጣኑ-ሃብቲ ክቕበልኦ ተራእየ።

እዚ ኣብ ዓለምና ዝተረኽበ ፖለቲካውን ምጣኑ-ሃብታውን ምዕባሌታት ንሃገርና ውን ዝትንክፍ ነበረ። ሰውራ ኤርትራ ከም መብዛሕትኡ ሓርነታዊ ሰውራታት ዓለም ብምብራቓዊ ኣተሓሳስባ እተጸልወ ምንባሩ ዝስሓት ኣይኮነን። መብዝሕትኦም ኤርትራውያን ደሞክራስያውያን ምእኩል ምጣኑ-ሃብታዊ ስርዓት ንዕብየት ሃገርና ዘገልግል ዝበለጸ ስርዓት ምዃኑ ይኣምኑ ነበሩ። ነዚ እምነቶኦም እዚ ከኣ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታት ውድባት ኤርትራ ከንጸባርቕዎ ውን ተቓሊሶም እዮም። ድሕሪ እቲ ኣብ ዓለምና እተራእየ ዓብይ ታሪኻዊ ለውጥታት ግን ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ውን ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ክርከብ ግድን'ዩ

ነይሩ።

ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅድሚ እታ ነጻ ዝወጸት ሃገርና፡ ኣብ መንገ'ቲ ብሓደ ሸነኽ እቲ ፍሽለቱ ዘመስከረ ምእኩል ምጣኑ-ሃብታዊ ስርዓት፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ መብዝሕትኡ ሕ/ሰብ ዓለም እተቐበሎ መትከል ዕዳጋዊ ምጣኑ-ሃብቲ ብጥንቃቐ ምምራጽ ዝሓተተ ቀራና መንገዲ ነበረ። እቲ ዘሕዝን ግን እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝሓዘ ኣካል ነቲ ፍሹል መንገዲ ክሕዝ መረጸ። ንፖለቲካን ምጣኑ-ሃብትን ሃገር ኣብ ፍጹም ምቁጽጻሩ ኣእትዩ ንዕዳጋ ብኸቢድ መንግስታዊ ሓይሊ ቀይዱ፡ ንሃገራውያን ደኹኑ ንወጻእተኛታት ኣውፈርቲ ተወዝ ምባል ከልኦም፡ ንሃገርና ከኣ ኣብ መዓቀኒ ዘይርከቦ ከቢድ ምጣኑ-ሃብታዊ ቅልውላው ነቖታ።

ነዚ ኩነታት እዚ ብግቡእ ዝገምገመ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንዕብየት ሃገርና ዝድግፍ ቅኑዕ ምርጫ፡ ምርጫ ዕዳጋዊ ምጣኑ-ሃብቲ ምዃኑ ኣሚኑ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ውሳኔኡ ገይሩዎ ኣሎ። ሃብቲ፡ ፍልጠት፡ ክእለት ደኹን ጉልበት ኤርትራውያን ኣብ ጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ክውዕል ዝኽእል ምቹእ ንወፍሪ ርእሰማል ዘተባብዕ ናይ ዕዳጋ ምጣኑ-ሃብቲ ምኽታል እንተዘይኰይኑ ካልእ መዋጽኦ ከምዘየለ ብግቡእ ተገንዘበ። ኣብ ከምዚ ዝመስል ኩነታት ንደቂ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ንወጻእተኛታት ኣውፈርቲ ውን ዝስሕብ ባይታ ስለዝፍጠር ቅልጡፍ ዕብየት ክርከብ ከምዝከኣል ገምገመ።

ጉባኤ ንዕዳጋ ከም ንዕብየት ሃገርና ዘገልግል ኣገዳሲ ምጣኑ-ሃብታዊ መትከል እኳ እንተረኣየ፡ ነቲ ጐናዊ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ዓስይዎ ኣይሓለፈን። ንኹሉ ወዲ ሃገር ማዕ ረ ዕድል ዝህብ ኩነታት ምፍጣር ጥራይ እኹል ከምዘይኮነ ኣስተውዒሉ እዩ። ነቶም ኣብ ዝኸፍአ መነባብሮ ዝርከቡ ወገንና ካብ ዘለውዎ ሃለዋት ዝወጹሉ ደጋፊ መደባት ክስራዕ ከምዝግብእ ውን ርእዩ እዩ። በዚ ምኽንያት እቲ ሓፈሻዊ ኣቕጣጫ ምጣኑ-ሃብታዊ መደብ ሃገር ድኽነት ተቓሊስካ ብልጽግቲ ኤርትራ ንምህናጽ ምዃኑ ኣስሚሩሉ እዩ። ነዚ ዘዐውት መንግስታውን ኮኦፖራቲቫውን ንጥፈታት ክህሉ ከምዘለዎ ውን ተመልኪትዎ እዩ።

ጉባኤ ዝወሰኖም ውሳኔታት ቀለልቲ ኣይኮኑን። ኣብ ነጻ ፖለቲካዊ ሃዋህው፡ ኣብ ኩነታት ናይ ዕዳጋ ምጣኑ-ሃብቲ፡ ኣብ ዘይምእኩል ስርዓተ ምምሕዳር፡ ንሕ/ሰብ ኤርትራ ንዓወት ምምርሑ ከቢድ ሓላፍነት ምዃኑ ርዱእ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዩ ጉባኤ ንኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን ታሪኻዊ ሓላፍነት ክስከሙ ዝጸውዐ። ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝርከብ ንኡስ ፍልልያት ብልዙብ ወጊኖም፡ ኣብ ሓደ ዱልዱል ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ተጠርኒፎም መራሒ ተራኦም ክጻወቱ ዝሓተተ። እዚ መልሲ ዝጽበ ዘሎ ሕቶ፡ ኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን ብሕሉፍ ታሪኽ፡ ብህሉው ውድባዊ ቅርጻታት፡ ብኻልኦት ደረትቲ ኣተሓሳስባታት ከይተቐየዱ፡ ብግሉጽ ተላዚቦም ንፍልልዮም መዕለቢ ገይሮም ንቕድሚት ክስጉሙ ዘተባብዕ እዩ።

እቲ ብቕዓት ዘለዎ ዲሞክራስያዊ ህዝባዊ ሰልፊ ክምስረት ዝጸውዐ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ እምበኣር፡ ነቲ ኣብ ሃገርናን ኣብ ዓለምን ዘሎ ህሉው ኩነታት ብ ግቡእ ብምጽናዕን፡ ንህሉው ምጣኑ-ሃብታዊ ዓቕምታት ህዝብና ብግቡእ ብምግምጋምን'ዩ ንናይ ዕዳጋ ምጣኑ-ሃብቲ ሓደ ካብ ታሪኻዊ ውሳኔታቱ ክገብሮ ዝመረጸ።

ፍትሓዊ ኣዘረጋግሓ ሃብትን ምክፍፋል ስልጣንን መሰረት ናይ ውሕሉል ምሕደራ ኢዩ።

# ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንዝነፈጎም መሰላት ከምዝጭብጡ ምግባር

ኣብ'ቲ ምእንቲ ናጽነት ዘካየድናዮ ቃልሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመላኡ፡ በብዓቕሙ ንምዕዋት ናይ ብረታዊ ተጋድሎና ዘበርከቶ ግደ ከምዝነበሮ ዝእመን'ዩ። እቲ ዝዓበየ ጸርን ዝኸበደ ዕማምን ግን፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኤርትራውያን መንእሰያት ከም ዝተሰከምዎ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ። ግደ መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ብቓላት ምግላጹ እኳ ዘይከኣል እንተኾነ፤ ዓቐብን ቊልቊለትን፡ ጥሜትን ጽምእን፡ መውጋእትን መስዋእትን ከየሰነፎ ብረቱ ተሓንጊጡ ክሳብ ናጽነት ክምህ ከይበለ ዝተቓለሰን፤ ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ዝገበረን ክፋል ናይ ሕብረተ-ሰብና ምዃኑ ግን፡ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ።

እዚ ወለዶ'ዚ፡ ሓላፍነቱን ግቡኡን ፈጺሙ፡ ንድሕሪኡ ዝመጽ ወለዶ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ዝኾነት ሃገር ኣረኪቡ ይሓልፍ ኣሎ። ናይ ሕጂ መንእሰይ ወለዶ ድማ፡ ነዚ ሕድሪ'ዚ ኣጽኒዑ፥ ንድሕሪኡ ዝመጽእ ወለዶታት፡ ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ዝሰፈና፥ ሰብኣዊ መሰላት ዝኽበረላ ብልጽግትን ምዕብልትን ሃገር ከረክብ ሓላፍነቱ ምዃኑ ክግንዘብ ይግብኦ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ኣብ'ዚ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ኣብ ቅድመ-ግንባር ኢዩ ክስለፍ ዘለዎ።

ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡-

ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ዓለም፡ ድሕሪ ንፍርቂ ክፍለ-ዘመን ዝቐጸለ፡ መስዋእትን ስንክልናን ህልቂትን ምዝንባልን ስደትን ድኽነትን ዝሰፈኖ መዋእል እተረኽበ ናጽነት፡ ሰላምን ርግኣትን ብልጽግናን ዝረጋገጸሉ ሓድሽ መድረኽ ክኸውን'ዩ ዝብል ትጽቢትን ሕልምታትን ኢዩ ነይርዎ። ካብ'ዚ ተስፋ'ዚ ተበጊሱ ከኣ'ዩ ህዝብና ክሳብ ናጽነት ዝተረጋገጸሉ ዕለት ክምህ ከይበለ ዝተቓለሰ። እንተኾነ ግን፡ ሕማቕ ዕድሉ ኰይኑ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝጨበጠ ጒጅለ፡ ንደምን ርሃጽን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራ ጨውዩ፡ ኣብ ብሕታውን ውልቃውን ረብሓታቱ ከውዕሎ ስለዝተረኽበ፡ ህዝብና "መለሳ ቆሎስ ጥጥቖ" ኰይንዎ ጌና ብናይ ስቅያት ሓለንጊ ክግረፍ ይርከብ ኣሎ።

ኣብ ትሕቲ'ዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ዚ፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ቀሲኑ ክመሃርን ክሰርሕን ኰነ፡ ተመርዕዩ ወሊዱን ከቢዱን ክነብር ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ፡ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ እቲ ስርዓት ወግሒ-ጸብሒ ዝውልዖ ውግኣት እናኣተወ ክሃልቕን ክስንከልን፤ ንዝፈትዎ ህዝብን ሃገርን ራሕሪሑ ናብ ስደት ክምርሕን፤ ኣብ ምድረ-በዳታት ብጽምኢ ህይወቱ ክሓልፍን ድራር እንስሳታት መሮርን ዓሳታት ባሕርን ክኸውን ኢዩ ዝርአ ዘሎ። እቲ ካብ'ዚ ዕጫ'ዚ ዝደሓነ ከኣ፡ ኣብ ናይ "ልምዓት መደባት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ባርነት ወፍሪ ተጸሚዱ፡ ንረብሓ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ሰበ-ስልጣን ከገልግልን፤ ኣብ መዐስከሪ መደበራትን ኣብያተ-ማእሰርትን ተዳጒኑ ዕሸል ዕድሚኡ ብኸንቱ ከሕልፍን ኢዩ ዝርከብ ዘሎ።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ዘቕሞ ማሕበር ተምሃሮን መንእሰያትን ኤርትራ፡ ስርሑ ነቲ ስርዓት ምምጓስን፥ ንግናይ ገጻቱ ምምልካዕን፥ ንጌጋታቱ ምሽፋንን እንተዘይኰይኑ፥ ብዛዕባ ንመንእሰያትናን ተመሃሮናን ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት ክግለጽ ኰነ፤ ንመሰላቶም ክጣበቕ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ሓለፍቲ ናይ'ዚ ማሕበር'ዚ እሙናት ኣገልገልትን ኣካላን ናይ'ቲ ስርዓት ደኣ'ምበር፡ መንእሰያትን ተመሃሮን የገልግሉና ኢዮም ኢሎም ብናጽነትን ኣብ ትሕቲ ዲሞክራስያዊ ሃዋህዉን ካብ ውሽቶም ዝመረጽዎም መራሕቲ ኣይኰኑን። እቶም ንጥቕሚ ናይ'ቲ ማሕበር ዝሰርሑ ዝነበሩ መንእሰያትን ተመሃሮን ከኣ፡ ገሊኦም ኣምሊጦም ኣብ ሃገር ጓና ተዓቝቦም፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ማእሰርቲ ኢዮም ዝርከቡ ዘለዉ። ናይ ትምህርቲ ናጻ ዕድል ኣብ ወጻኢ ዝረኸቡ ወይ ድማ ንስፖርታዊ ውድድራት ዕድል ረኺቦም ካብ ሃገሮም ዝወጹ መንእሰያት ድማ፡ በብዝኸድዎ

ዑቑባ ክሓቱ ኢዮም ዝርኣዩ ዘለዉ።

**ራእይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡-**

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ መንእሰያት፡ ሞተር ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ምዃኖም ኢዩ ዝርኢ። ብዘይ መንእሰያት፡ ብሩህ መጻኢ ዕድል ዘለዎ ሕብረተ-ሰብ ይኹን ብልጽግትን ዲሞክራስያዊትን ሃገር ምህናጽ ከምዘይከኣል ድማ ይኣምን። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ብትምህርቲ ተኾስኲሱ ክዓቢ፡ ኣብ ኪነታውን ስፖርታውን መዳያት ብምንጣፍ ጥዑይ ኣእሙሮን ጥዑይ ኣካልን ክውንን፡ ካብ መስተን ካልእ ሕማቕ ልማዳትን ክርሕቕን ናይ ሃገርን ህዝብን ሓላፍነት ክስከምን ዝኽእል መንእሰይ ንምህናጽ ኢዩ ዝቃለስ።

ነዚ ራእይ'ዚ ክውን ንምግባር ግን፡ ህዝብን መንግስትን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ሓቢሮም ዝሰርሕሉ ንሰብኣዊ መሰላት ዘኽብር ዲሞክራስያዊ ስርዓትን፤ ሰላም ዝሰፈኖ ሃገርን ዞናን ክህሉ ከምዘድሊ ዘካትዕ ኣይኰነን። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ራእይና፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ንመንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዝነፈጎም ናይ ሰላም፡ ማዕርነት፡ ትምህርቲ፡ ናጻ ማሕበር ናይ ምምስራት መሰላት ብቓልሶም ክምዝጭብጡ ምግባር ኢዩ

**ውሳኔ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡-**

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ቲ ካብ ዕለት 23-27 ሓምለ ዘካየዶ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤኡ፡ ንጕዳይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፥ ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን ብዕምቈት ተመልከቶ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ውድባዊ ቅርጻኡ፡ ንጕዳይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዝከታተል ቤት ጽሕፈት ክህሉ ወሰነ።

እዚ ቤት ጽሕፈት'ዚ፡ ኣቦ መንበርን ምኽትሉን ሓላፊት ጕዳያት ደቂ ኣንስትዮን ዘለዉዎ ኣካል ኰይኑ፡ ኣብ መላእ ዓለም ምስ ዝርከቡ መንእሰያት ንምርኻብ ዘኽእሎ ትካላት ውን ክህልውዎ ኢዮም። ዕላማ፡ ናይ'ዚ ቤት ጽሕፈት'ዚ ከኣ፡-

መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ናጻ ማሕበራቶም ክምስርቱ ምትብባዕን፤ ኣብ ዘዘለውዎ ሃገር ንዘጋጥሞም ጸገማት ኣብ ምቅላል ምትሕብባርን፤
መንእሰያት፡ ብናይ ልዝብ ባህልን ናይ ሕድሕድ ምክብባርን ከም ዝዓብዩ ምግባርን፤ ሃገራውን ዲሞክራስያውን ንቕሓት ምስራጽን፤ ስፖርታውን ስነ-ኪነታዊ ንጥፈታት ምትብባዕ፤ ንመንእሰያት ዝኸውን ትምህርታውን ናይ ሞያ ስልጠናን ዕድላትን ምድህሳስ፤
ሃገር ንምምራሕ ዝኽእሉ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ምፍራይ። ኣብ'ቲ ምእንቲ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዝካየድ ቃልስታት፡ ግደ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ከምዝዓቢ ንምግባር ምጽዓርን ዘጠቓልለ ኢዩ።

**ራእይና ጋህዲ ንምግባር ዓቕምታትና ነሕብር ህዝብና ድማ ነስምር**

# ዜናዊ ንጥፈታት

## ውድባዊ ንጥፈታት

### መበል 45 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ክቢሩ ውዒሉ።

ብ1 መስከረም 2006፡ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ መደበሩ ንዝኸሪ መበል 45 ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ኣብዒሉ ውዒሉ። ብጻይ ሓጂ መሓመድ፡ ነዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝምልከት መግለጺ ሂቡ።

ከምኡ ውን፡ ብ2 መስከረም 2006፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ዝኸሪ መበል 45 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣብ ዝርከብ ማእከል መንእሰያት ብርክት ዝበለ ህዝቢ ኣብ ዝተረኽበሉ ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ብጻይ ተኸለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታትንን፥ ሓው ተስፋሁነይ መስፍን፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ህደግኤን፡ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ቃለ-መሓትት ምስ ረድዮ ምብራቕ ኣካይዶም።

### 2. ኣኼባታት ኣብ ኣብ ሱዳን፡-

ብጻይ ኢድሪስ እስማዒል፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ወኪል ውድብ ኣብ ከሰላን ብዕለት 24.08 ኣብ ከተማ ገዳርፍ ናይ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣኼባ ኣካይዱ ብዛዕባ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ብጻይ ኣብርሃም ገብረማርያም፡ ወኪል ውድብ ኣብ ፖርት ሱዳን ንኣባላት ጨንፈር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ፖርት ሱዳን ብዛዕባ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ መግለጺ ሂቡ።

ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ዝኾኑ፡ ብጾት ተኸለ መለኪንን መሓመድ ኣደም ኣርትዓን ድማ፡ ምስ ኣባላት ውድብን መንእሰያትን ኤምባሲ ታትን ተቓወምቲ ውድባትን እናተረኽቡ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ኣብሪሆም።

### 3. ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ካርቱም

ብጻይ ተኸለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታት፥ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፥ ብጾት ሲራክ ዘመንፈስ፡ ጺጋይ መዝገበን ዓብደልቓድር ኣልዑግድን፡ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፥ ብዓርቢ 8 መስከረም 2006 ኣብ ካርቱም ክፉት ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዶም።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ኣባላት መሪሕነት ብዛዕባ ውጽኢታት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብሓፈሻ፥ ብዛዕባ'ቶም ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ዝተኣታተዉ፡ ከም ምምስራት ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ፡ ሕቶ መሬት፡ ጕዳይ ዘይምእኩል ምሕደራ፡ ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ፡ ምስታፍ ናጻ ዝኾኑ ተዓዘብቲ ኣብ ስርሓት ናይ'ቲ ጉባኤ ...ወዘተ ድማ ብፍላይ፡ ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም። ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረቡሎም ሕቶታት መሊሶም።

### 4. ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ መበል 45 ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ኣኽቢሩ

ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣብ ጀርመን ዝነብሩ ሃገራውያን ኤርትራውያንን ንመበል 45 ዓመት ናይ'ቲ ን30 ዓመታት ዝቐጸለን፤ ቅድሚ 15 ዓመታት ህዝብና ብደሙን ርሃጹን ናጽነቱ ንምርግጋጽ ዘኽኣሎ ምጅማር ናይ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብ2 መስከረም 2006 ኣብ ጀርመን ብክብ ዝበለ

ድምቀት ኣኽቢሮም።

እዚ፡ ብጨንፈር ቍ.2 ናይ ዞባ ጀርመን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተዳለወ፡ ብርክት ዝበሉ ካብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ዝመጹ ወከልቲ ጨናፍር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ደገፍትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተሳተፍዎ በዓል'ዚ፡ ኣብ ፍራንክፈርት ኣብ ዝርከብ ማእከል መንእሰያት ኢዩ ተጸንቢሉ።

ብጸይ ዮናስ ባህታ፡ ኣባል ሽማግለ ጨንፈር ቍ.2 ኣብ ዝሃቦ መኽፈቲ ቃል፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ኣጋጣሚ ድሕሪ ምግላጽ፤ እቲ ሓድሽ ወለዶ፡ ንዕላማታት ናይ'ቲ ቅድሚ 45 ዓመታት ዝጀመረ ሰውራ፡ ኣብ መደምደምታ ንምብጻሕ ቃልስታቱ ከሐይልን ሓላፍነቱ ክስከምን ጸዊዑ። ኣስዒቡ፡ ንብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ቃል ውድብ ንኸስምዕ ናብ መድረኽ ዓዲሙ።

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንተሳተፍቲ በዓል ምውቕ ሰላምታ ድሕሪ ምቕራብ፡ ብዛዕባ ኣገደስቲ ምዕራፋት ናይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 45 ናይ ቃልሲ ዓመታት መግለጺ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ምልኪ ናይ ህግዲፍ ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራ ብዝርዝር ኣብሪሁ። ቀጺሉ፡ ብዛዕባ ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተመዝገቡ ሓደስቲ ምዕባለታትን፤ ብንጡፍ ተሳትፎ ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ኤርትራ ክረጋገጽ ዝኽእል ተኽእሎታት ናይ ለውጢ ከምዘሎ ድማ ብሰፊሑ ገሊጹ።

ብጻይ ወልደሱስ፡ ብዛዕባ ዝሓለፈ ታሪኽ ክገልጽ እንከሎ፡ ብዘይ'ታ ናይ ሓምድ ኢድሪስ ዓወተ ተሓኤን ካብኣ ዝተፈጥራ ናይ ቀደምን ናይ ሕጂን ውድባትን ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ክኸውን ኣይምኽኣለን ክብል ነቲ ታሪኻዊ ሓቂ ኣስሚርሉ። ከምኡ ውን፡ ኩሎም ሓቀኛታት ሃገራውያን ዜጋታት ኣብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት ዝተጻወትዎ ግደ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምንባሩ ኣሚቱ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ኣብ ኣስመራ ድዩ ወይስ ኣብ ምጽዋዕ ዘሎ ገዛኢ ስርዓት፡ ንታሪኽ ብምጥምዛዝ ካልኦት ሃገራውያን ዝተጻወትዎ ኣወንታዊ ግደ ይኸሕድን፡ ንናጻ ኤርትራ ንበይንይ ክብሕታ ይህቅንን ኣሎ ኢሉ።

ብዛዕባ ውሽጣዊ ሃለዋት ሃገርና ክገልጽ እንከሎ ከኣ፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ምልኪ ህግዲፍ ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራን ውርደትን መግለጺ የብሉን ኢሉ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት፡ ንነብሶም ይኹን ንሃገሮም ዝርኣዩዎ ዝኾነ ይኹን ብሩህ መጻኢ ወይ ትጽቢት የብሎምን፤ ካብ'ዚ ዘሕዝን ሓቂ'ዚ ዝኸፍእ ዕንወት ከኣ የለን ኢሉ።

ብዛዕባ'ቲ ስርዓት፡ ብመራኺቢ ብዙሓን፡ እንተላይ በታ ኣደናጋሪት ኤራ-ቲቪኡ ኣቢሉ ዝዝርግሖ ሓሶታት ኣመልኪቱ፡ እቲ ሓሶታት ዝቕበሎ ሰማዒ እናሰኣነ ይኸይድ ምህላዉን፤ 90% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጸረ'ቲ ስርዓት ምዃኑን፤ እቲ ስርዓት ኣብ ስልጣን ዝቕጽለሉ መዓልታት ሒዶት ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፡ እቲ ሓድሽ ወለዶ ነቲ ምእንቲ ለውጥን ዲሞክራስን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ክስከምን ካብ ተዓዛብነትን ተጸባይነትን ክወጽእን ከምዘለዎ፡ ነቶም ኣብ'ቲ በዓል ብዓብላሊ ቍጽሪ እተሳተፉ መንእሰያት ጸዋዕታኡ ኣቕሪቡ።

ብዛዕባ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣመልኪቱ ከኣ፡ ብጻይ ወልደሱስ፡ ውድብና ሎሚ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎን ኣብ ናይ መጻኢ ዕማማቱ ንጡፍ ተሳትፎ ክህልዎ ምዃኑን ኣሚቱ። ብዛዕባ ውጽኢት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ክዛረብ እንከሎ፡ ከም ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ዝኣመሰሉ ገዳይም ተጋደልቲ፡ ብትሕዝቶ ይኹን ብመልክዕ "እቲ ዝበለጸ ጉባኤ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ" ኢሎም ከምዝገለጽዎ ጠቒሱ። ምስታፍ ናይ ናጻ ተዓዘብትን ብርክት ዝበሉ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ናይ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ፍሉይ መለለዪ ነይሩ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ኣብ መጻኢ ጉባኤታት፡ ንኣድላዩነት ናይ ግሉጽነት ዕሽሽ ምባል ከምዘይከኣልን፤ ንተሳትፎ ናይ'ዞም ኣገደስቲ ክፋል ካብ ክፍልታት ናይ ሕብረተሰብና ዝኾኑ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ

ጉባኤታትን መሪሕነትን ዘውሕስ ባይታ ውን መድሚዱ ኢዩ።

ኣስዒቡ፡ ብጻይ ወልደሱስ፡ ብዛዕባ ኣድላዪነት ናይ ዳግመ-ምቕራጽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ዘለዎ ርእይቶን፤ ቅድሚ ምዝዛም ናይ'ዚ ዘለናዮ ዓመት፡ ዕዉት ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክካየድ ዘለዎ ተስፋን ገሊጹ።

ኣብ መደምደምታ፡ ብመሪሕነት ሓላፊ ስርርዕ ዞባ ጀርመን ዝተመርሐ ናይ ሕቶን መልስን ዕድላት ተኸፊቱ ንነዊሕ ግዜ ቀጺሉ። ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለን ካልኦት መራሕቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ንዝቐረበሎም ሕቶታት መብርሂታት ሂቦም። ኣብ መድረኽ፡ ምስ ኣቦ መንበር ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ፡ ኣብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ እተመርጹ ሓደስቲ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ብጾት ንጉሰ ጸጋይን ጽርሃ ሰለሙንን ኢዮም ነይሮም። ብጻይ ኣፍወርቂ ኣባይ ከኣ፡ ንስምዒታት ናይ ተሳተፍቲ ዝተንከፈ፡ ንባሕቲ መስከረም ዝምልከት ግጥሚ ብትግርኛ ኣንቢቡ። ብድሕር'ዚ ብሙዚቀኛታት ዝተሰነየ ናይ ትልሂት መደብ ክሳዕ ሰዓት 7 ናይ ሰንበት ንግሆ ቀጺሉ።

.

5. ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ሮተርዳም ተኻይዱ

ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መላእ ዓለም፡ ብመሪሕነታት ተሓኤ-ሰባ ዝኸይድ ዘሎ ህዝባዊ ኣኼባታት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብዕለት 09-09-2006 ኣብ ከተማ ሎንዶን ወከልቲ ውድባትን፡ ዓበይቲ ምሁራትን ሓለፍቲ ሲቪካዊ ማሕበራትን ዝተረኽብሉ ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ቤት-ጽሕፈት ዝመርሖ ኣኺባ ኣብ ሮተርዳም ድማ ብተመሳሳሊ መልክዑ ብ16 መስከረም ተኻይዱ።

እዚ ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ቤ/ጽ፡ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ ዝመርሖ፡ ብጻይ መሓሪ ተስፋማርያም ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ካልኦት ኣብ 6ይ ጉባኤ ዝተኻፈሉ ብጾት ዝተሳተፍዎ ኣኸባ፡ ሰፊሕ መግለጽን ኣገዳሲ መልእኽትን ንኣኺ.በኛታት ከመሓላልፍን፡ ኣኺበኛታት ከኣ ብወገኖም ናብ ኣባላት መሪሕነት ውድብ ሰውራዊ ባይቶ ዘቕረብዎ ሕቶታት እኹል መብርሂ ዝረኸብሉን፡ መልእኽቶምን ጠቓሚ ለበዋታቶምን ከመሓላልፉ ዝኸኣልሉን ኣገዳሲ ኣኼባ ኢዩ ነሩ።

ኣኼባ ብናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃል ኣቦ-መንበር ሽማግለ ሆላንድ ብጻይ ዘርኣይ ገ/ታትዮስ ድሕሪ ምኽፋት፡ እቲ መደረኽ ንኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ተኸፊቱ።

ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ውድብ፡ እዚ ኣኼባ እዚ ዝጸዋዕናዮ ንውጽኢታት ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኣና ንምግላጽን ንህዝብና ናይ ውድብና ህሉውን መጻእን ኣመለኻኽታን ራእይን እነብርሃሉ መንገዲ ስለዝኾነን፡ ካብ ህዝብና ድማ ሓሳቡ እንወስደሉን እንርዳኣሉን ቀንዲ ኣገባብ ስለ ዝኾነን ኢዩ ኢሉ። ከም ፖለቲካዊ ውድብ ክሳብ ዘለና ካብ ህዝብና ክንመሃርን ንህዝብና ክንምህርን እንተኾይንና ምስ ህዝቢ ብዝተፈላለየ መድረኻት ምርኻብ ከምዘድሊየናን፡ ምኽያድ ኣኼባታት ከም ቀንዲ ውድባዊ ዕማም ከምእንቖጽሮን ገሊጹ። ኣብ ዝሓለፈ ጉዕዞና ከነካይዶም ዝጸናሕና ህዝባዊ ኣኼባታት ኣብ ውድባዊ ስራሕና ክሕግዙና ዝኽእሉ ጠቓምቲ ሓሳባት ኣቕሲሞምና ኢዮም ኢሉ። ካብዚ ኣኼባ እዚ ውን ኩላትና ተረባሕቲ ኮይንና ከም እንውጽእ እምነተይ ዓቢ ኢዩ ድሕሪ ምባል ኢዩ ብጻይ ኣሰፋው ናብ ኣጀንዳኡ ዝኣተወ።

መግለጺ ብ/ኣሰፋው ኣብ ውጽኢት ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ-ሰባ ዘትኮረ ኢዩ ነሩ። ሻዱሻይ ጉባኤ ካብ ምስንድኡ ጀሚሩ፡ ዝሰዓበ ጠቕላላ መስርሕ ኣካይዳኡ፡ ጽፉፍን መንገዱ ዝሓዘን ብምንባሩ ዝበጽሖ ውሳኔታቱን ዘተኣታተዎ ለውጥታት ኣብ ኣሰራርሓን ሂወትን ውድብ ታሪኻዊ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ጠቕላላ ኩነታት ኤርትራ ናብ ዝኸፍኣ ገጹ ይሰጋገር ከምዘሎ 6ይ ጉባኤ ከምዝመዘነን፡

ንህዝብና ንምድሓን ኩሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ ተጠቒምካ ክቀላጠፍ ከምዘለዎ ጉባኤ ከምዝተመልከተ ተገሊጹ።

ጉባኤ ብዛዕባ ኩነታት ደምበ ተቓዉሞ ዝዘተዮን ዘሕለፎ ውሳኔን ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ቤ/ጽ ክገልጽ ከሎ፣ ደምበ ተቓዉሞ ንህሉው ኩነታት ከግጥሞን ክመርሖን ዝኽእል፣ ብቑዕ መሪሕ ሓይሊ ዛጊት ፈጢሩ ከምዘየሎን፣ ነዚ ንፍጣር ዘይሕለል ጻዕሪ ክካየደሉ ከምዝግባእን ጉባኤ ከምዝረአየ። ከምኡ ውን ውድብና ተሓኤ-ሰባ ብዝጸንሖ ዓይነት ኣወጻድባ ሓደስቲ ኣባላት ብሓፈሻ፣ ንመንእሰይ ወለዶ ድማ ብፍላይ ክሓቁፍን ክስሕብን ከምዘይክእል ጉባኤ ከም ዝመዘነ ብጻይ ኣሰፋው ገሊጹ። ካብዚ ሕጽረታት እዚ ንምግልጋል ውድብ ምስ ኩሉ ውድባትን ጉጅለታትን ኣገደስቲ ዜጋታት ናብ ብሓደ ክስርሕ ዝኽእል ምርድዳእ ንምብጻሕ ክፋት ዘተ ንክገብር ጉባኤ ወሲኑ። ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ምስ ዘለዎም ውድባት፣ ናይ ምጽንባር ስጉምቲ መሪሕነት ውድብ ክወስድ ከምዝኽእል፣ ነዚ ዘብቅዖ ስልጣን ካብ ጉባኤ ከም ዝተቐበለ ተገሊጹ።

ውድብ ተሓኤ-ሰባ ኣብ ናይ ሎሚን ጽባሕን ዕማማት ብቑዕ መሳርሒ ንምግባር ኣብ ኣባላቱ ጥራይ ናብ ዘይተሓጽረ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክሰጋገር ከም ዝኾነ ተገሊጹ። ሓላፊ ስርርዓዊ ጉዳያት ነዚ ዚያዳ ከብርህ ከሎ፣ እቲ ሰልፊ ኣብ ናይ ሎሚን ጽባሕን ብዝዋረ ናይ ሓባር ኣረኣእያ ዝህነጽ ምስ ዝኸውን ዝያዳ ክሰፍሕ ከም ዝኽእልን ንመንእሰይ ወለዶ ውን ክሓቁፍ ከምዝኽእል ገሊጹ። ምስዚ ማዕረ-ማዕረ ዝኸይድ ድማ 6ይ ጉባኤ ኣብ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቀንስትዮን ዓቢ ቆላሕታ ብምግባር፣ ንጉዳያት መንእሰያትን ደቀ-ንስትዮን ዝምልከት ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ደረጃ ሓደ ክፍሊ ኣቘሙ ዘሎ ምዃኑ ተገሊጹ።

6ይ ጉባኤ ተሓኤ-ሰባ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ውድብ ሓደስቲ ሓሳባት ኣተኣታትዩ ኣሎ። ንማሕበራውን፣ ባህላውን፣ ምጠነ-ሃብታውን፣ ፖለቲካውን ብዙሕነት ኤርትራ ክምእዘዝ ዝኽእል ፍትሓውን ሕጋውን ናይ ስልጣንን ሃብትን ምክፍፋል ዘፍቅድ፣ ዘይምእኩል ስርዓተ-ምምሕዳር ክኸውን ከምዘለዎ ጉባኤ ከምዝወሰነ ተገሊጹ።

ኣብ ምጣነ-ሃብታዊ መዳይ ብዝምልከት፣ እቲ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ጉባኤታቱ እናጸደቐ ዝመጸ፣ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋም፣ ውድብ ኣብ ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤኡ ምስ ህሉው፣ ዓለማውን ሃገራውን ኩነታት ዘይሰርሕ ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋም ምዃኑ ርእዩ። ኣብ ዕዳጋ ዝምርኮስ ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋም ክኽተል ከም ዘለዎን፣ እዚ ድማ፣ ንውጽዓት ክፍልታት ሕብረተሰብ ዝሕለቕ ኸይኑ ተዘርዚሩ ከምዘሎ <u>በሪሁ</u>።

ብዛዕባ ሕቶ መሬት ጉባኤ ዝበጽሖ ውሳኔ ሓላፊ ጉዳያት ስርርዕ ክገልጽ ከሎ፣ ስርዓት ህግዲፍ ንሕቶ መሬት ብሕግን ብፍትሕን የመሓድሮ ከምዘየሎ፣ ብዝኽተሎ ዘሎ ኣገባብ ውን ህዝቢ ኣብ ሓድሓዱ ይናኞት ከምዘሎ ጉባኤ ከምዝመዘነ ገሊጹ። መሬት ኣብ ትሕዞ ህዝቢ ክጸንዕ ከምዘለዎን፣ ብስርዓት ህግዲፍ ብዘይ ኣገባብ ንዝተፈላለየ ምኽንያታት፣ ተመንጢሉ ዝውሰድ ዘሎ መሬት ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ፈጢርዎ ዘሎ ሽግራት ክመሓደር ከምዝግባእ ተገሊጹ።

መግለጺ ድሕሪ ምውዳእ ብተሳተፍቲ ኣኼባ ሕቶታትን ኣገዳሲ ርእይቶታን ለበዋታትን ቀሪቡ። ኣብ ሆላንድ ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ዓቅሞም ኣወሃሂዶም ክሰርሑ ከምዝግባእ ብኣባላት ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ሓሳብ ወሪዱ። ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብሓባር ንምስራሕ ቅሩብነት ከምዘሎ ብሓላፊ ስርርዕ ውድብ ተሓቢሩ።

**6. ሰሚናር ኣብ መደበር ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፤ ክፋት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሺመልባ**

ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፣ ሓላፊ

ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ 7-17 መስከረም 2006 ሰሚናር ኣብ መደበር ሰራዊት ሓርነት ኣካይዱ። ኣብ'ዚ ንዓሰርተ መዓልታት ዝተኻየደ ሰሚናር'ዚ፡ ብጻይ መሓመድ ዓሊ ውጽኢት 6ይ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብሰፊሑ ኣብሪሁ። ከምኡ ውን፡ ሰውራና ካብ 1961-91 ዝሓለፎም መድረኻት፡ ዘጋጠምዎ ብድሆታትን ዘመዝገቦም ዓወታትን ዝተራእየ ኣሉታታትን ብዝርዝር ኣስተምህሮ ሂቡ።

ከምኡ ውን፡ ብ28 መስከረም 2006 ክፉት ኣኼባ ናይ'ቶም ኣብ መደበር ሺመልባ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ተዓቚቦም ዘለዉ ስደተኛታት ኣካይዱ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ውን፡ ብዛዕባ ውጽኢት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤን፤ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራስን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ዝተኻየደ ኣኼባን ኣብ ህዝቢ ዘሕደሮ ኣዎንታዊ ጽልዋን ኣስፊሑ ገሊጹ።

ብጻይ መሓመድ ዓሊ፡ መግለጺኡ ድሕሪ ምዝዛም ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበሉ ሕቶታት መሊሱን፤ ንርእይቶታቶምን ለበዋታቶምን ሰሚዑን። ኣኼበኛታት በቲ ዝተዋህቦም መግለጽን መብርህን ሕጉሳት ከምዝነበሩን፤ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሰሚናራት ብቐጻልነት ክካየድ ከምዝጠለቡን ካብ'ቲ ቦታ'ቲ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

7. ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ'ቲ ደጀን ህግዲፍ ኰይኑ ዝጸንሐ ከተማ ከለን ኣኼባ ኣካይዱ



ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ቍ.3 ዞባ ጀርመን ብ30 መስከረም 2006፡ ኣብ'ቲ ደጀን ናይ'ቶም እሙናት ስዓብቲ ህግዲፍ ኰይኑ ዝጸንሐ ከተማ ከለን ህዝባዊ ኣኼባን ለይታዊ ትልሂትን ኣካይዱ።

ድሕሪ ነዊሕ ብዅራት፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ'ቲ መደበር ህግዲፍ ኰይኑ ዝጸንሐ ከተማ ከለን ምክያዱ፡ ንኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ፍስሃን ብመጠኑ ውን ናይ ዓወት ስምዒትን ኣሕዲሩሎም። ብደገፍቲ ናይ ህግዲፍ ኣብ'ቲ ከተማ ቅድም ክብል ንህዝቢ ኣብ'ቲ ኣኼባ ከይሳተፍ ዘፈራርሕ ወረቓቕቲ ተዘርጊሑ ምንባሩ ይፍለጥ።

በዚ ሰጊኦም፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ዘይተሳተፉ፡ ሳንግ ሳንጋ ዝኾኑ መርገጽ ዘለዎም ኤርትራውያን ውን ኣይስኣኑን ኢዮም።

ኣብ'ቲ ብኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፡ ብምኽትል ኣቦ መንበር፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ዝተመርሐ ኣኼባ ኣብ ከባቢ ቦንን ከለንን ዝርከቡ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራስን ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ኢዮም ነይሮም።

ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሃገርና ሰፊኑ ዝርከብ ኵነታት፡ ብፍላይ ድማ፡ ሃለዋት መንእሰያትን፤ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝተጋሀዱ ምዕብልናታትን፤ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ብዝርዝርን ብዕምቈትን ገሊጾም። ብዝያዳ ድማ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ብዛዕባ ዝተወሰኑ ንዘይምእኩል ኣገባብ ምሕደራን ምምስራት ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ሰልፍን ኣመልኪቶም ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ ኣስፊሖም መብርሂ ሂቦምሉ።

ኣብ'ዚ ጕዳያት'ዚ፡ ህያው ዝኾነ ክትዓት ንክልተ ሰዓታት ዝኣክል ግዜ ቀጺሉ። ብድሕር'ዚ፡ መድረኽ ንሙዚቃን ተላሃይትን ተገዲፉ ክሳዕ ሰዓት 6 ናይ ወጋሕታ ብዘይ ምቝራጽ ድሙቕ ባህላውን ዘመናውን ደርፍታትን ጸወታታትን ተኻይዱ።

8. ምውቕ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም

ኣቦ መንበርን ምኽትል ኣቦ መንበርን ፈጻሚ ቤት ጽሕፍት ዝርከብዎ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብ8 ጥቅምቲ 2006 ተሳተፍቲ ዘመጉስዎ ምውቕ ኣኼባ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ኣኼባ ብዙሓት ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፤ ኣብ'ቲ ቅድሚ 15 ዓመት ብዓወት እተዛዘመ ሓርነታዊ ተጋድሎና ግቡኦም ዘበርከቱ ገዳይም ተጋደልትን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣኼባ ልክዕ ሰዓት 2 ድ.ቀ ብኣቦ መንበር ጨንፈር ሽወደን፡ ብጻይ ገብረዝጊ ናሽሕ ዝሃቦ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ተኸፊቱ። ኣስዒቡ፡ ብጻይ ገብረዝጊ፡ ንኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፤ ንምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ከምኡ ውን፡ ክልተ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጾት ገርጊስ ነጋሽን ኣንቶንዮ ተስፋይን ናብ መድረኽ ክቐርቡ ዓዲሙ።

ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ናይ ጽሮትን እንካን ሃባን ሓድሽ ፖለቲካዊ ባህሊ ክምዕብል ዘለዎ ኣገዳስነት ብምትኳር መግለጺኡ ጀመረ። ከምኡ ውን፡ ንህልዊ ኵነታት ኤርትራ፡ እንተላይ ንመንእሰያት ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን፤ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ ትጽቢት ናይ ለውጥን፤ ውጽኢት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ዘይምእኩል ምምሕዳርን ሕቶ መሬትን ዘትኰረ ሰፊሕ መብርሂ ሃበ።

ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ከኣ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝጸደቐ ንምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ዝምልከት ውሳኔን፤ ብዛዕባ ትርጉምን ኣገዳስነትን ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ ኣመልኪቱ ዓሚቕን ጠቓምን መግለጺ ኣቕረቡ።

ኣኼበኛታታ፡ ኣብ'ቶም ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጸደቑ ውሳኔታትን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ'ቲ ናይ ምጽውዋርን ናይ እንካን ሃባን ፖለቲካዊ ባህሊ ንምምዕባል ዝተገብረ ጻውዒትን ክብ ዝበለ ተገዳስነት ከምዘሕደሩ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ክትዓት ከበርህ ኪኢሉ ኢዩ። ብርክት ዝበለ ቊጽሪ ዘለዎም ተሳተፍቲ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ሓድሽ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከምዘበገሰ ክምስክሩን ክገልጹን ተሰሚዖም ኢዮም።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ብዙሓት ብዛዕባ ደምበ ተቓውሞ ብዙሕ ኣፍልጦ ዘይብሎም መንእሰያትን፤ ከምኡ ውን፡ ከም ኸሊፋ ዑስማን፡ መሓመድ ብርሃን ብላታ፡ ኣሕመድ ኢብራሂም (ሰክረተር)፡ ረዘነ ተስፋጽዮን (ቀሺ)፡ ዶክተር ተስፋይ ስብሃቱ (ብርንጂ) ኣርሀ ሓመድናካ ዝኣመሰሉ ፍሉጣት ገዳይም ተጋደልቲ ውን ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሳቲፎም ነይሮም። ኣብ ርእሲ'ዚ ብዙሓት ኣባላት ተሓኤን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራስ ኤርትራን ፌደራላዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራን እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስን፤ ኣባላት ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘይኰኑ ሰዓብቲ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራን ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን (ብኣድሓኖም ገብረማርያም ዝምራሕ) ከም ኤርትራውያን ንሰላምን ሰብኣዊ መሰላትን ዝኣመሰሉ ሲቪላዊ ማሕበራትን ተሳቲፎም ነይሮም።

ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሓደ መዓልቲ ኣቐድም ኣቢሉ፡ ብዕለት 07.10.2006 ካብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ናይ ሽወደን ሃገራት ስካንዲናቭያን ዝመጹ ኣባላትን ወከልቲ ጨናፍርን ኣኼባ ከምዝገበረን፡ ብዛዕባ ህልዊ ኵነታት ሃገርን ውድብን ደምበ ተቓውሞን ሰፊሕ መግለጺ ከምዝሃበን ተፈሊጡ ኣሎ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ 6-12 ጥቅምቲ 2006 ኣብ ሽወደን ኣብ ዝካየዶ ዑደት፤ ምስ ሰበስልጣን መንግስትን ዘይመንግስታዊ ውድባትን ሽወደንን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታት ናይ ኤርትራውያንን ምስ ማዕከናት ዜና

ኤርትራውያን ብምርኻብ ንዠነታት ኤርትራውያን ስደተኛታትን ዝተመዛበሉ መንእሰያትን ዓቢ ኣገዳስነት ብምሃብ ተዘራሪብሉ።

ልኡኽ ውድብና፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ካልእ ዘቕረቦ መግለጺ፡ ንዠነታት ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፥ ብፍላይ ከኣ፡ ብዛዕባ'ቶም ናይ መጻኢ ዕድሎም ጸልሚትዎምን ኣብ ዠሉ እምነት ኣጕዲሎምን ዘለዉ መንእሰያት ብኣንዠሮ ተዘራሪብሉ። እዚ ጕዳይ'ዚ ኣብ ጽብብ ዝበለ ምይይጥ ምስ ኤርትራውያን ይኹን ኣብ'ቲ ምስ ቲቪ ኣዳልን ቲቪ ዘተን ናይ ስቶክሆልም ዝተገብረ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ቃለ-መሓትት ውን ተላዒሉ ተዘሪብሉ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ልኡኽ ውድብና፡ ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ናይ ሽወደን፡ ብዛዕባ'ዚ ጕዳይ'ዚ ብዕምቈት ተመያይጥሉ ኢዩ።

ምስ ወከልቲ ናይ ሽወደን ቀይሕ መስቀል ኣብ ዝተገብረ ርክብ፡ ነቲ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከብ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቝጸር ስደተኛ ይኹን፤ ከምኡ ውን፡ ነቶም 10,000 ዝኾኑ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሺመልባ ተዓቝቦም ዘለዉ ስደተኛታት ዝውሃብ ረዲኤታዊ ደገፍ ዳርጋ ከምዘየለ ኣብሪሆም። ሚስተር ስተፋን ዊኪንግ፡ ናይ ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣዋሃሃዲ ኣህጕራዊ መደብ ቀይሕ መስቀልን፤ ሚስተር ፒ. ኣላን ኡልሶን፡ ወኪል ቀይሕ መስቀል ሽወደን፡ ኣብ'ቲ ኣብ ጀነቫ ዝመደበሩ ናይ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን ፌደረሽን ማሕበርን፥ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝግባእ ቆላሕታ ከምዘይተዋህቦም ድሕሪ ምእማኖም፤ ኣህጕራዊ ናይ ረዲኤት ትካላት፡ ኣብ መጻኢ ነዚ ጕዳይ'ዚ ከም ህጹጽ ሰብኣዊ ሕቶ ዝግባእ ቆላሕታ ክገብራሉ ተስፋ ከምዘለዎም ድማ ገሊጾም።

ሚኒስትሪ ወጻኢ ጕዳያት፡ ናይ'ዚ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እተመስረተ ሓድሽ መንግስቲ ሽወደን ውን፡ ብሰንክ'ቲ ግጉይ ፖሊሲታት ናይ ሓደ ውልቀ-መላኺ መራሒ ካብ ዘባውን ኣህጕራውን ተነጺላ እትርከብ ሃገርና ዘጋጥማ ዘሎ ሓፈሻዊ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ብልኡኽ ውድብና ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ቀሪብሉ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ላዕለዋይ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ላዕለዎት ወከልቲ ናይ ማሕበረ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሽወደን፥ ከምኡ ውን፡ ምስ ሽወደናዊ ሰልፊ ጺጋም ብምርኻብ፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ እምነት ዘሕድረሉ መተካእታ ሓይሊ ክኸውን ንምብቃዕ፥ ንዓቕምታት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ክብ ኣብ ምባል ክተሓባበሩ ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ኣብ ኣጋ ምዝዛም ናይ ዑደቱ፡ ልኡኽ ውድብና፡ ምስ ሽወደናውያን ዘይመንግስታውያን ትካላትን ምስ'ቶም ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ምስ ሰውራ ኤርትራ ዝምድና ዝጸንሐም ጋዜጠኛታትን ውን ተራኺቡ። ኣብ ርእሲ'ዚ ውን፡ ምስ ናይ ጕረባብቲ ሃገራት ኤምባሲታት ብምርኻብ ብዛዕባ ሃለዋት ኤርትራ ብሓፈሻ፥ ብዛዕባ ዠነታት ተቓወምቲ ውድባት ድማ ብፍላይ፡ ናይ ሓያልነትን ናይ ድኽመትን ነጥብታት ዘጠቓለለ ዝርርብ ኣካይዱ።

10. ኣብ ከተማ ኣትላንታ - ጆርጅያ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ተኻይዱ

ተጋዳላይ ረዘነ ልኡለቃል ኣባል ሰ/ባይቶ ብዕለት 7 ጥቕምቲ 2006 ዓ.ም. ካብ ሰዓት 1፡00-6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከተማ ኣትላንታ ንህልዊ ኤርትራዊ ኩነታት፣ ዞናዊ ኩነታት፣ ክውንነት ደንበ ታቓውሞ፣ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ. ሰ/ባይቶን፣ ውጺኢት 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ሰ/ባይቶን ኣገደስቲ እዋናዊ ውሳኔታቱን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ተጋዳላይ ረዘነ ንኤርትራዊ ኩሉ መዳያዊ ኩነታት ኣመልኪቱ ንብጽንዓትን ተወፋይነትን ከቢድ መስዋእትነትን ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነትና፣ ብሰንኪ ብኢደወነንኡ ናብ ስልጣን ዝሓኾረ መላኺ ስርዓት ጠለባት ሓፋሽ ህዝብናን መሰረታዊ ሰብኣዊ ሓርነታቱን ከምዝተጠልመ ብዝርዝር ሓቢሩ። ብተወሳኺ ኤርትራ ሃገርና ሎሚ ብድኽነትን ስራሕ

አልቦነትን ቁጠባዊ ቅልውላውን እትሳቐ መሰረታዊ ሰብአዊ ክብርታትን ሐርነታትን መላእ ህዝባ ዝተሐረማ፣ መጻኢ ዕድል ዜጋታታ ዝጸውለጋ፣ ተበላሓቲን አፍራይ ሐይሊ መንእሰያታ ብጅምላ ናብ ስደት አብ ዘምርሓሉ አብ ናይ ሐደጋ ሰዓት ስለእትርከብ፣ ሎሚ ካብ ዝሓለፈ እዋን ብዝለዓለ ንሃገራዊ ድሕነትና ህጹጽ መጸዋዕታ አብ ዝግበሮ ሰዓት ምህላውና ንኣኼበኛ ብምረት አዘኻኺሩ።

ንኩነታት ደምበ ተቓውሞ አመልኪቱ ስጡምን ዝተወሃሃደን ውጹብ ስራሕ ዘይምርግጋጹ፣ አሉታዊ ጽልዋታት ከምዘለዎ ሐቢሩ። እቲ ድሮ ብኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ተረጋጊጹ ዘሎ ምትእኽኻብ ብአወንታ ዝዕቀንን ሐደ ስጉምቲ ንቕድሚት ምዃኑ ብምግንዛብ፣ ካብዚ ንላዕሊ ንምሕያሉ ግን ሓያሎ ብድሆታት ከምዝሓትት አስፊሩ ሐሊፉ። አብዚ መዳይ'ዚ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ካብ አብ ቻርተሩ ምምሕያሻት ምግባር ክሳብ ናይ አመራርሐኡን አወዳድባኡን ምትዕርራያት ከምዘድልዮ ጠቒሱ። ውድብ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ ከምቲ አብ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤኡ ብእዉጅ ዝገለጾ፣ ንደንበ ተቓውሞ ብሐፈሻ ንደሞክራስያዊ ኪዳን ከአ ብፍላይ፣ አብ ምሕያሉ ኩሉ ዝከአሎ ጻዕርታትን አበርክቶታትን ካብ ምግባር ከምዘይቁጠብ ብግልጺ ሐቢሩ።

ተጋዳላይ ረዘነ ን6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ አመልኪቱ፣ ነቲ ጉባኤ አብ ምክያድ ዘጋጠመ ናይ ቦታ ምቅይያራትን ሕልኽልኻቱን ውድብና ንዘርአዮ ተዓጻጻፍነት ብምጥቃስ፣ ጉባኤ ብታሪኻዊ ዓወት ከምዝወጸ ብምሕባር፣ ብዛዕባቶም ጉባኤ ዘመሐላለፎም አገደስቲ ውሳኔታትን ዘተአታተዎም ለውጢታትን ብዝርዝር ንአኼበኛ አብሪሁ። ካብቶም ቀንዲ ዘተኮረሎም ውሳኔታት።_

- ብደረጃ ሃገር አውራጃን ወረዳን ዓድን ዝስራዕ ሐጋግን ፈጻምን ፈራድን ትካላቱ ዘንጸረ ዘይምእኩል ምሕደራ ምኽታል።
- ንረብሓታት ውጹዕ ህዝብና ብዘረጋግጽ አገባብ ናይ ነጻ ዕዳጋ ኤኮኖሚ ምኽታል።
- ዋንነት መሬት አብ ኢድ ህዝቢ ክጸንዕን፣ መሬቶም ብመላኺ ስርዓት ብሐይሊ ዝተመንዝዑ ዜጋታት ብፍትሐውን ሕጋውን አገባባት ክምለሰሎም።
- ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶን ካልኦት ውድባትን ውልቀ ሰባትን ዝሳተፍዎ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ አብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክቐውም … ወዘተ ዝብል ይርከብዎም።

አስዒቡ ከአ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ መጻኢት ኤርትራ ከመይ ክትመስል ከምዝደልያን ናይ ነዊሕ አመለኻኽታን መጻኢ ራእይ ውድብን ብሕጽር ዝበለ ሐቢሩ። ካብኡ ንምጥቃስ ከአ።-

- ስልጣን ብሕጋዊ መስርሕ ብህዝቢ ዝወሃበሉ ናይ አብዝሓ ሰልፋዊ ስርዓት ምትካል።
- ውልቃዊ ምልኪ ካብ ስሩ ምሒኻ፣ አዕኑድ ደሞክራስያ ብጽኑዕ ምትካል።
- ናይ መላእ ዜጋታታ ዘይተቖጠበ ሰብአዊ መሰላትን ሐርነታትን ምርግጋጽ።
- ቁጠባዊ ሰረታት ሃገር፣ ንማሕበራዊ ዕብየትን ብልጽግናን ሓፋሽ ህዝብና ብዘገልግል፣ አገባባት ምስራዕ።
- ሻራ ዘይብሉ ሃገራዊ ሰራዊት ምህናጽ።
- ምስ ጐረባብቲ ሃገራት አብ ናይ ሕድሕድ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዘተኰረን ዝተሞርከሰን ጽኑዕ ዝምድናታት ምህናጽ … ወዘተ ይርከብዎም።

አብ መደምደምታ ተጋዳላይ ረዘነ ብተዘክሮታትናን አሉታዊ ተመኩሮታትናን ተማሂርና፣ ነቶም በኞና ዝሐለፉ ስዉአትና ብዝገደፉልና ሕድሪ አኽቢርና፣ ናይ ሃገርናን ሰፊሕ ህዝብናን ድሕነትን፣ ብሩህ ዝኾነ መጻኢን አብ ምርግጋጽ ካብ ቀደም ብዝለዓለ ሎሚ ንሕተት ምህላውና ደጊሙ ንአኼበኛ አዘኻኺሩ። ነብሲ ወከፍና ዋናታት ናይ ጉዳይና ስለዝኾንና፣ ተጸበይቲ ዘይኮነስ

ተሳተፍቲ ክንከውን አለና ብምባል'ውን አማሕጺኑ።

ካብዚ ቀጺሉ ካብ አኼበኛ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ርእይቶታትን ለበዋታትን በበቲ አመጻጽአኦም ብምምላሽ፣ ብናይ ፍጹም ምትዕግጋብ አኼባኡ ደምዲሙ። አኼበኛታት እቶም 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ ዘሕለፎም ውሳኔታት አገደስትን መድረኻውያንን ብምዃኖም ደገፎም ገሊጾም። ካብቶም ብተደጋጋሚ ብዙሐት አኼበኛታት አትሪሮም ዝደፍኡሎም ዝነበሩ ርእይቶታትን ለበዋታትን፣ ሃገርና ካብቲ አትያቶ ዘላ ሐደጋ ንምድሐን፣ ኩሎም መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ንደንበ ተቓውሞ ናብ ስጡም ሐድነታዊ ዕዮ ከምዝሰጋገር ንምግባሩ፣ ኩሉ ዝከአል መሳርሒታት ብምጥቃም ብሐላፍነት ክሰርሕሉ ከምዘድሊ ዘተሐሳስብን ዘማሕጽንን ነበረ።

**11. ምኽትል ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ተጋ/ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ኣብ ካርቱም ናይ ምምስራት ሰልፊ ሽማግለታት ኣኼባ ኣካይዱ**



ተጋ/ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ምኽትል ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባን ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ኣካል ምምስራት ሰልፊን፡ ብ20 ጥቅምቲ 2006 ኣብ ካርቱም፣ ሱዳን፣ ብዛዕባ መስርሕ ምስረታ ሰልፊ፡ ንመራሕቲ ጨናፍርን ናይ ሰልፊ ምስረታ ሽማግለታትን ንምብራህ ኣኼባ ኣካይዱ።



ኣብ ኣኼባ ዝተሳተፉ፡

ሀ) ኣባላት፡ ካብ ሰውራዊ ባይቶ ዝኾኑ፡ ሽማግለ ሓበሬታን ድህሰሳን ምምስራት ሰልፊ

ለ) ናይ ከተማ ኻርቱም መራሕቲ ጨንፈርን መሪሕነት ጉጅለታትን

ሐ) ናይ ሓበሬታን ድህሰሳን ንኡሳን ሽማግለታት ነበሩ።

ተሳተፍቲ ኣኼባ ኣብ ምንቅስቓሳቶም ክሕግዞም ዝኽእል ንምምስራት ሰልፊ ዝምልከት ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ኣብ ልዕሊ ምዕዳሎም፡ ብዛዕባ መድረኽ ሓበሬታን ድህሳሳን ኮነ ስዒቡ ዝመጽእ መድረኻት፡ ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡዎም። ኣገደስቲ ኣምራት ከምኒ ስነሓሳብን ሰልፊን፣ ኣብ መንጎ ሰልፊን ግንባርን ዘሎ ፍልልያት፡ ከምኡውን ስለምንታይ ውድብ ሰልፊ ክምስረት ምውሳኑን ብዕምቈት ድሕሪ ምግላጽ፣ ተጋ/ ተስፋይ ደጊጋ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብደረጃ ጨናፍርን ዞባታትን ዝዕመም ዘሎ ዕማማት ኣብርሀ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ኣካላት ንምምስራት ሰልፊ ዝምልከት ጠቓሚ ተመክሮታት ምጽናዕን ናይ ተመክሮታት ምልውዋጥን ዘለዎ ተደላይነት እውን ኣብርሂ።



ተሳተፍቲ ኣኺባ ብሕቶታት ኮነ ብርእይቶታት መልክዕ፡ ዕምቆት ዝዓዘዙ፡ ምይይጣት ኣካየዱ። ወጻኢ ካብ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ምስ ዘለው ኣካላት ክፍጸም ዘለዎ ምምስራት ሰልፊ፡ ኣመልኪቱ፡

ሻድሻይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ዘሕለፎ ውሳኔ ብምልዓል ድማ፡ ናይ ከመይነት ኣተገባብራኡ መደብ ሰርዑ። ድሒሩ ኣብ ዝሰዓበ ፍሉይ ኣኼባ ድማ፡ ናይ ኻርቱምን ከባቢኡን፡ ሽማግለ ሓበሬታን ድህሰሳን፡ ንኡሳን ሽማግለታትን፡ መሪሕነት ጨንፈርን መራሕቲ ጉጅለታትን ንዕማማቶም ዝሰርዕ ናይ ስራሕ መደብ ዕዮ ተመያየጡ።

ኣወሃሃዲ ኣካል ክበሃል እንከሎ፡ ካብ ኣብላት ፈጻሚ ሽማግለ ዝቐመ ኮይኑ፡ ብኣቦ መንበርንት ተጋ/ ተስፋይ ደጊጋን ኣባልነት ተጋደልቲ መሓመድ ኣደም ኣርትዓን፣ መንግስተኣብ ኣስመሮምን፣ ተኽለ መለኪንን፣ ኣሰፋው በርህን ዝቐመ እዩ። ኣወሃሃዲ ኣካል ክሳብ ሕጂ ኣብቲ ኣባላት ውድብ ዝርከብሉ ቦታታት 13 ናይ ሓበሬታን ድህሰሳን ሽማግለታት ኣቝሙ ኣሎ። ኣብ ኩሉቲ ኤርትራውያን ዝርከብሉ ቦታታት ድማ ንኡሳን ሽማግለታት ቆይመንን ይቐማን ኣለዋ። በዚ ድማ እቲ ተልእኾ ኣብ ኩለን እተን ኤርትራውያን ዝርከብወን ከተማታት ክበጽሕን፡ መስርሕ ምምስራት ፓርቲ ብዕምቀት ክበርህን፡ ንጉዕዞ ምምስራት ሰፊሕ ሰልፊ፡ ክጽንበርዎ ዝመርጹ ሸነኻትን ውልቀሰባትን ክሳተፍዎን ትጽቢት ዝንበረሉ ጉዳይ እዩ።

**ንጥፈታት ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡-**

**1. ብዕለት 23 መስከረም 2006 ዕዉት ህዝባዊ ሰሚናር ብመራሕቲ ሰለስተ ተቃወምቲ ሓይልታት ተካይዱ**

ካብ ዕለት 12 ክሳብ 15 መስከረም 2006 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ንሓርነትን ሰልፊ ዲሞክራሲ ዳት ኮምን መስከረም ዳት ነትን ዝኣመሰሉ መርበብ ሓበሬታታት ብሰለስተ ላዕለዎት መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት፡

ሀ. ብተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ኣቦ-መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡

ለ. ብተጋዳላይ ወልደሱስ ዓማር ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተ.ሓ.ኤ.ሰውራዊ ባይቶን

ሐ. ብተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም ሓላፊ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን ዝምራሕ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ንዕለት 23 መስከረም 2006 ሓባራዊ ክፉት ህዝባዊ ሰሚናር ክካየድ ምኻኑ ክሕበር ምጽንሑ ዝዝከር ኢዩ።

በዚ መሰረት ኣብ ዝተጠቐሰ ዕለት ተሳታፊ ህዝቢ ካብ ርሑቕን ካብ ቀረባን ልክዕ ካብ ዝተባህሎ ሰዓት ኣቀዲሙ መጺኡ ኣደረሻ ብተሳተፍቲ ኣዕለቕሊቑ መርገጺ እግሪ ተሳኢኑ፡ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ኻልእ ቦታ ንኽትሓልፍ ኣብዘይካኣለሉ ደረጃ በጽሐ። ናይ ዕለት 23 መስከረም ሓባራዊ ሰሚናር፣ ካብ ዝሓለፉ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ሓባራዊ ሰሚናራት ዝፈልዮ ክልተ ዓበይቲ ፍሉይ ጠባያት ዝነበሮ ዕዉት ሰሚናር'ዩ ነይሩ። እቲ ቀዳማይ ፍሉይነት ኣብ ጀርመን ካብዝተኻየዱ ሓባራዊ ኣኼባታት ዝበዝሐ ህዝቢ ዝተሳተፎ ሰሚናር ብምዃኑ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ፍሉይነት ከኣ፡ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ሓራ ሃገሮም ብሰላም ምንባር ተሳኢንዎም፣ መግዛእታዊ ጭቆናን ሕሰምን ዲክታቶርያዊ ሰርዓት ዝመረሮም ንምድረ-በዳታትን ቀላያትን ብኸንደይ መከራ ጥሒሶም ዝተሰዱ መንእሰያት ዝዓብለሎ ሰሚናር ብምዃኑ ኢዩ። ብዝሕን ዓይነት ተሳታፊ ናይዚ ሰሚናርዚ ብልቦና ንዝተዓዘበ ከኣ፡ ኣብ ምቅልጣፍ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓባራዊ ስራሕ ተቓወምቲ ሓይልታት ክሳብ ክንደይ ህዝቢ ብሃንቀውታን ተገዳስነትን ከምዝጽበዮን ድልውነት ናይ ቃልስን ከይተገንዘበ ዝሓልፍ ኣይመስለናን። ዕዉት ሰሚናር ፍራንክፎርት፡ ብስም ነቲ ሰሚናር ዘዋሃሃደት ሽማግለ ሓው ኣማኒኤል ሓጎስ ምዉቕ ሰላምታን ምስጋናን ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምቅራብ፡ መድረኽ ንሰለስቲኦም መሪሕነታት ተረኪቡ።

ካብዚ ቀጺሉ ተጋዳላይ ወልደሱስ ዓማር፡ ንኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣመልኪቱ ኣብዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብ ኤርትራ ተተኺሉ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዝኸተሎ ዘሎ ፖሊስን ምሕደራን ናብ ዝኸፍኤ ደረጃ ተሰጋጊሩ ምህላዉ ሓድሽ ሓበሬታ ዘድልዮ ኣይኮነን፡ ኩልኹም ትፈልጥዎ ኢኹም። እቲ ዝያዳ ክንዛረበሉ ዘለና ህዝብናን ሃገርን ንምድሓን ክንገብሮ ዝግባኣና ስጉምትታትዩ። እዚ ከኣ፡ ፍልልያትና ብዘየገድስ በተን ክንሳማማዓለን እንኽእል ነጥብታት ተራኺብና፡ ሓቢርና

ክንሰርሕን ዝያዳ ሕድገታት እንዳገበርና ናብ ዘሰማምዓና መስርሕ ክንኣቱን ንጥለበሉ ዘሎ እዋን'ዩ። ናትና ናይ ኤርትራውያን ሽግር፣ በቲ ዝዓበየ ነጥቢ እንዳተሰማማዕና ከለና፣ በተን ዝፈላልያና ናእሽቱ ጉዳያት ኢና በበይንና ንሓድር። እዚ ምኽኑ ተሪፉ በቲ ዘራኽበና ይብዛሕ ይውሓድ ነጥብታት ብዘየገድስ ሓቢርና ንምስራሕ ዝካኣል ዘበለ ሕድገታት ምግባር ከድልየና ኢዩ። እቲ ክግበር ዘለዎ ሕድገታት ካብ ካልኦት እንጽበዮ ዘይኰነስ ካብ ኩልና ዝጥለብ'ዩ። ንሸካ እንታይ ጌርካ ኢልና ክንሓትት እንከለና ንነብስናውን ተመሊስና ክንሓታ'ዩ ዝግባእ። እዚ ከኣ ሕድገታት ካብ ኩልና ከምዝጥለብዩ ዘረዳኣና" በለ። ቀጺሉ፣ "ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤና፡ ንዓና ከም ውድብ ጥራሕ ዘይኰነስ ንህዝብን ሃገርን ዘገድሱ ካብ ዘማሓላለፎም ዓበይቲ ውሳኔታት እቲ ቀዳማይ ምቛም ናይ ሰልፊ ኰይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት ሓደ ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዘለዎ ወጻኢ ካብ ውድብና ንዘለዉ ውድባትን ማሕበራትን ምሁራትን ዝሓቑፈን ሰረተ ዝገበረን ፓርቲ ንኽቀውም፣ ኣብ መጻኢት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንመላእ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘሳትፍ፣ ንሃብቲ ሃገር ብማዕረ ዘካፍል ዘይምእኩል ምሕደራ ንኽህሉ፣ ንጉዳይ መሬት ብዝምልከትውን፣ ብስርዓት ህግዲፍ መሬት ካብ ዋናታቱ ተመንዚዑ ንሰብ ገንዘብ ይሽየጥን ይልወጥን ስለዘሎ፣ ተጸኒዑ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ኽምለስ ምኽኑን፣ ንስርዓት ህግዲፍ ንምውዳቕ እንጥቀመሉ ኣገባብ ኣቀላልሳ ከኣ፣ ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ናይ ቃልሲ ክውሰድ ከምዝካኣልን" ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ከምዝወሰነ ብሰፊሑ ገሊጹ።

ድሕሪዚ፡ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ፡ ኣቦ-መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ኣገድስነት ናይቲ ሰሚናርን ኣገባብ ኣወዳድባኡን፡ ክገልጽ እንከሎ "እዚ ሰሚናርዚ መጀመሪ ደኣምበር መዛዘሚ ኣይኰነን፡ ንሕና ድማ ብውድባትና ተሓተቲ ደኣምበር፡ ብሓደ ኣብ ቅድሚ'ኹም ስለዘለናስ፣ ኣብዚ ንዝባሃል ብሓባር ንሕተተሉ ማለት ከምዘይኰነ ርዱእ ክኸውን ኣለዎ፡ ብስምምዕን ምርድዳኣን እንገጥሞ ኣይኰነን፡ ክብል ጠባይ ናይቲ ሓባራዊ ሰሚናር ንተሳተፍቲ ብምሕባር፡ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ሰልፊ ዲሞክራሲ ካብ ዝጸደቑ ኣገደስቲ ውሳኔታት ክጠቕስ እንከሎ፡ "ህግዲፍ ኣቑምዎ ዘሎ ስርዓት ንዝኾነ ይኹን ኣካል ካብ ሰረታት ናይ ህዝባና ዘይውክል፡ ብድልየቱ ዝመጸ፡ ናይ ህዝቢ ለበዋን ርእይቶን ሒዙ ዝመጸ ስርዓት ኣይኰነን። ስለዚ እዚ መንግስቲ'ዚ ከምቲ ገለ-ገለ ሰባት ዝብልዎ ዘይኰነስ ንዝውክሎ ኣካል የብሉን፡ ምውዳቕ ናይዚ ስርዓት'ዚ ቀዳምነት ዝስራዕ ምኻኑ ጉባኤ ምውሳኑን፡ ድሕሪ ውድቀት ናይዚ ስርዓት'ዚ ብሃገራዊ ምርጫ ኣቢልካ ሃገራዊ መንግስቲ ንኽቀውም ጉባኤ ሰልፊ ወሲኑ" ክብል ኣብሪሁ። ንኣገባብ ኣቀላልሳ ብዝምልከት እንተኾነውን ካልኣይ ጉባኤ ሰልፊ፡ "ንህዝቢ ዘሳትፍ ካብ ሃልኪ ዘድሕንን ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ከም ቀዳማይ ምርጫ ክውሰድ ከምዘለዎን፡ እዚ ማለት ግን ብስምምዕ ምስቲ ስርዓት ማለት ከምዘይኰነን ምውሳኑን፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ኣገልግሎት ሰልፊ ዲሞክራሲ ከምዘይቕበሎ፣ ከም ዕላማ ግን ብሕጊ ዝጸደቐ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክህሉ ከምዝግባእን፣ ቅዋም ቅቡል ክኸውን ከምዘለዎን፡ እንተዘይኰይኑ ህዝቢ ተሓቲቱ ይሓይሽዩ ዝብሎ ክመርጽን ጉባኤ ምውሳኑ> ዝብሉ እቶም ፍሩያትን ኣገደስትን ካብ ውሳኔታት 2ይ ጉባኤ ሰልፊ ምኻኖም ጠቒሱ።

ስዒቡ ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም፡ "ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን በቶም ቅድመይ መግለጺ ዘቕረቡ ተሓቢሩ ኢዩ፡ ኣብዚ ክድክመኩም ኣይደልንየ፡ ትፈልጥዎ ድማ ኢኹም። ሕሰም ሃገርና በዞም ዝስደዱ ዘለዉ መንእሰያት ክግለጽ ዝኻልዩ። ኣብዚ ኣዋንዚ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክሳብ 40 ዝኣኽሉ መንእሰያት ናብ ሱዳን ይኣትዉ ኣለዉ። ናብ ካልኦት ሃገራት ከባቢውን ከምኡ። በዚ ተቀንዚና፡ ኩሉ ዝካኣል ሕድገታት ጌርካ ተጠርኒፍካ ምቅላስ ከድሊዩ። ስርዓት ህግዲፍ ካብቲ ነቲ ኣብ ደገ ዘሎ ህዝቢ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ ኢዩ ዝፈርሕ። ስለዚ ከኣ፣ ኩነታት እንዳቐያየረ ነቲ ክፍጠር ዝግብኦ ህዝባዊ ጸቅጢ ንኽዳኽም ናብ ካልእ ይዝውሮ። ህልዊ ዝምድና ተቓውምቲ ሓይልታትን ጐረባብቲ ሃገራትን

ናይ ምድንጋጽን ምትሕግጋዝን ኰይኑ፣ ናብ ዝደልደለን ሓያልን ዝምድናታት ንምስግጋሩ መላእ ህዝብና ዝሳተፎን ዝሕግዞን ቃልሲ ምክያድ ከምዘድልን፣ ህዝቢ ዘይሳተፎ ቃልሲ ክዕወት ከምዘይክእልን ርዱእ ክኸውን ዘለዎ ምዃኑ“ ጠቒሱ። ተጋዳላይ ዓብደላ ኣደም፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንዝመደቦም ዕማማት ኣብ ዓወት ንኸብጽሖም ዘለዎ ናይ ኣሰራርሓ ጸገማት ከማዓራርን ኣብ ፕሮግራሙ ክማሓየሹ ዝግብኦም ነገራት መዚኑ ንምዕዋቱ ዝሕግዘዎ ትልምታት ክሰርዕ ከምዘድልን፡ ዝመጽእ ዘሎ ጉባኤ ኪዳን ንምዕዋት ኩሉ ክግበር ዝግብኦ ጻዕ ርታት ክውሰድ ኣገዳስነት ከምዘለዎን ሓቢሩ። ካብዚ ብምቕጻል “ኣብዝሓለፈ ወርሒ መስመሪ ጉባኤ ናይ ሰለስተ ውድባት ከምዝተገብረ ትፈልጡ ኢኹም፡ ናብዚ ንምብጻሕ ብዙሕ ጻዕርታትዩ ተኻይዱ፡ ሰለስተ ውድባት ዝነበረን ኣስማት ኣትሪፈን ብስም ሓደ ውድብ ክጽዋዓን፣ ብሓደ መሪሕነትን ሓደ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ንክምራሓ ወሲነን። እዚ ስምረት ናይ ሰለስተ ውድባትዚ ግን፡ ስምረት ናይ ውድባት'በር ናይ ህዝቢ ኤርትራ ማለት ኣይኰነን፡ ግን ከኣ ኣብነትን መበገስን ክኸውን ይኽእልዩ። ኣብ ፕሮግራምና ብዙሕ ሓደስቲ ነገራት እኳ እንተዘይሃለዎ ናይ ብሄራት ሕቶ ኣብ ባይታ ስለዘሎን ረጊጽካዮ ዝሕለፍ ስለዘይኰነን፡ ናይ ብሄራት መሰል ምሕላው ተቀቢልካ ምኻድ ዝብል ወሲና። ብዛዕባ ምምሕዳር ናይ ኤርትራ ብዝምልከት እቲ ዘይምእኩል ምሕደራ ዝብል ንቕበሎ ኢና’ ክብል መግለጺኡ ዛዚሙ።

ዕላማ ሰሚናር፡ መራሕቲ ውድባት ምስ ህዝቢ ተራኺቦም መልእኽቶታቶም ንምትሕልላፍን ብኣውራኡ ድማ፡ ርእይቶታት ህዝቢ ንምስማዕን ተሳታፍነቱ ንምርግጋጽን ስለዝነበረ፡ ቀጺሉ ዝሳዓበ መደብ፣ ህዝቢ ዝመሰሎ ንኽሓትት ነጻ መድረኽ ተኸፊቱ። ተሳታፊ ህዝቢ ኣብዝቐረበ መግለጺታት ክበርሁ ንዝደልዮም ነጥብታትን ከይተተንከፉ ዝሓለፉ ነገራት ኣልዒሉ ንኣካየድቲ ሰሚናር ብርክት ዝበሉ ፖለቲካዊ ሕቶታትን ኤርትራዊ ኪዳን ንምሕያሉ ክሕግዙ ዝኽእሉ ጉዳያትን ኣልዓ ሉ ኣገደስትን ጠቓምትን ልዝባት ኣካይዱ። ሰለስቲኦም መራሕቲ ውድባት ኣብ ሓባራዊ ጉዳያት ኮነ ንውድባቶም ብተናጸል ዝምልከት ንዝቐረበሎም ሕቶታት ኣዕጋቢ መልስታት ንተሳተፍቲ ሰሚናር ኣቕሪቦም፡ ሰሚናር ብሰላምን ምርድዳእን ተሰንዩ ብዓ ወት ተዛዚሙ።

## 2. ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ጀርመን

ኣብ ዕለት 05 ጥቅምቲ 2006 ብተበግሶ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዝተዳለወ ሰላማዊ ሰልፊ ንዝተበገሰሉ ዕላማ ብዓወት ኣሰላሲሉ። መበገሲ ዕላማ ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣቓዲሙ ከምዝተሓበሮ ዝብል ኰይኑ፡ ብዙሓት መንእሰያት ኤርትራውያን ብፍላይ ድማ ካብቶም ኣደራዕን ግፍዕን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከም መስገደል ኣብ ክሳዶም ተጻዒኑ ሓሳረ መከራ ዝወረዶም ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ብዘይ ልቦም ሃገሮምን ህዝቦምን ራሕሪሖም ሃጽ ኢሎም ንኽስደዱ ዝተገደዱ ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ጀርመን ዝመጹ መንእሰያት ዘሰነይዎን ዝመርሕዎን ብርክት ዝበሉ ካድራትን ኣባላት መሪሕነት ተቃወምቲ ውድባትን ተሳቲፈሞ ዝወዓሉን ሰላማዊ ሰልፊ ምንባሩ ተራእዩ።

ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ዕለት 5 ጥቅምቲ 2006 ዋላኳ ኣብ መዓልቲ ስራሕ እንተ ተኻየደ፡ ልክዕ ከምቲ ህዝቢ ኤርትራ ንሽግራት ስርዓት ደርጊ ስዒሩስ፤ ናብ ናይ ስርዓት ህግዲፍ ጸበባ ኣትዩ ዘሎ፡ ናይቶም ካብ ስርዓት ህግዲፍ ዝፈጠሮ ሽግራት ንምድሓን ክብሉ በረኻን ረመጽ ሰሃራን ሰጊሮም ግዳይ ጸበባ ቤት ማእሰርቲ ሊብያ ኰይኖም ዘለዉ 300 ዝኾኑ ኤርትራውያን ሂይወት ኣብ ምድሓን ኮነ ካብ ኣጋጥምዎም ዘሎ ብኣስገዳድ ናይ ምምላሶም ሓደጋ ደው ንምባሉ ዝገደፍና ግዲፍና ናይ ቃልሲ ኣጃምና ከነበርክት ኣለና ብዝብል መንፈስ ስለዝተላዕለ፡ ብዙሓት ኣዴታት ህጻውንተን ሒዘን ዝተሰለፋሉን ዝተበጀዋሉን ኢዩ ነይሩ።

ስለዚ ከኣ፡ ብዙሓት ካብ ሰላማዊ ሰልፈኛታት ንዝተበገሰሉ ዕላማ ንምርግጋጽ ብኣውቶቡሳትን ባቡራትን ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ተጓዒዞም ከተማ ቦን ዝበጽሑ ምህላዎም ይፍለጥ። ሰላማዊ ሰልፊ ካብ ፍራንስ የሰፍ ስትራሰኣለ ዝተባህለ ቦታ ጀሚሩ ክሳብቲ ኣብ ቦን ዝርከብ ዋና ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ብፖሊስ ተሰንዩ፡ ንዝሓዞም ጭርሖታት ብከቢድ ድምጺ እንዳቃልሐ በጺሑ። ሰላማዊ ሰልፈኛታት ኣብ ከባቢ ናይቲ ቤት ጽሕፈት ምስ በጽሑ 50 ሜትሮ ዝኸውን ርሒቆም፡ ብመንግስቲ ሊብያ ተኣሲሮም ዘለዉ ኤርትራውያን ይፈኑ! ለንገዳድ ናብ ኤርትራ ምምላስ ንቓወም! ብኣስገዳድ ምምላስ ማለት ሞት ማለትዩ! ንስደተኛታት ብኣስገዳድ ምምላስ ጸረ ውዕላት ሕቡራት ሃገራትዩ! ሰብኣዊ መሰል ስደተኛታት ይታሓሉ! ዝብሉ ጭርሖታት ንነዊሕ ግዜ ኣቃሊሖም። ድሕርዚ ብዛዕባ እቶም ኣብ ሊብያ ተኣሲሮም ዘለዉ መንእሰያትን፡ ብኣስገዳድ እንተዳኣ ናብ ኤርትራ ተመሊሶም ከጋጥሞም ዝኽእል ኣረሜናዊ ስጉምትን፡ ኣብ ምድሓኖም ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ክገብሮ ዘለዎ ተራን ዘመልከተ ጥርዓን ሰልፈኛታት ዝሓዘ መልእኽቲ ብክልተ ኣባላት ኣዳለውቲ ናይቲ ሰልፊ ናብቲ ቤት ጽሕፈት ተረኪቡ። ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ብሸኻ፡ ነቲ ጥርዓን ተቐቢሉ፡ ነቲ ሽግርውን ኣብ ምክትታሉ ከምዘሎን ኣብዚ ቀረባ መዓልታት መልሲ ክንህበሉ ምዃኑን ሓቢሩ፡ ምፍናዉ ይፍለጥ።

ካብዚ ብምቕጻል ሰልፈኛታት፡ ብኣውቶቡሳትን ብናእሽቱ መካይንን ናብቲ ናይ ሊብያ ኣምበሳደር ዝርከቦ ቦታ ብፖሊስ ተዓጂቦም በጺሖም፡ ንሓደ ሰዓትን ፈረቓን ዝኣክል ግዜ ጭርሖታቶም ብልዑል ድምጺ ድሕሪ ምቅላሕ፡ ዝተመደበሎም ግዜ ኣኺሉ ምስቶም ናይቲ ሰልፊ ስነ ስርዓት ዝመርሑ ዝነበሩ ፖሊስ ብምምስጋን ሰላማዊ ሰልፊ ብሰላም ተዛዚሙ። ሰልፈኛታት ነናብ ቦትኦም ብዓሓን ተመሊሶም።

ኤርትራ፡-

1. ኣሃዱታት ህግዲፍ ኣስከሬን ኲይነን ይተርፋ ኣለዋ

ዓቕሚ ሰራዊት ህግዲፍ ብማእሰርትን ዋሕዚ ንስደትን "ዅብለላን" ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናነከየን ይመጽእ ከምዘሎ፡ ካብ ዘተኣማምኑ ውሽጣዊ ምንጪታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝተረኽበ ሓበሬታታት የረጋግጽ። ንኣብነት፡ ኣብ ስርሒት ዞባ 04 (ማለት ደንካልያን ሰምሃርን) ካብ እትርከብ ክፍለ-ሰራዊት 13፡ ናይ ዝኾብለሉ ወተሃደራት ብዝሒ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

• ናይ ዕረፍቲ ፍቓድ ተዋሂብዎም፡ ናብ ኣሃዱኦም ዘይተመልሱ ብዝሒ ወተሃደራት 438፤

ብዘይ ፍቓድ ናይ ቦጦሎኒታቶም፡ ብኢደ ወነኖም ዝኾብለሉ ብዝሒ ወተሃደራት 174 ኢዩ።

ብጠቕላላ ኣብ ወርሒ መስከረም ዝመጸና ሓበሬታ 612 ወተሃደራት ካብ ክፍለ-ሰራዊት 13 ኰብሊሎም ከምዘለዉ ኢዩ ዘረጋግጽ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣሃዱታት ስርዓት ኢሳያስ፡ ስግኣን (ሰበንን ሞራለንን) ቀስ ብቐስ እናተበልዐ ስለዝኸደ፡ ኣስከሬነን ጥራሕ'ዩ ተሪፉ ዘሎ።

2. ስርዓት ኢሳያስ ሓሙሽተ ኣባላት ሕቡራት መንግስታት ካብ ኤርትራ ክባረሩ ወሲኑ

ስርዓት ኢሳያስ ሓሙሽተ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ካብ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ካብ ኤርትራ ክባረሩ ከምዝወሰነ ድምጺ ሓፋሽ ኣብ ናይ 5 መስከረም 2006 ኣቃሊሓ። እቶም ዝባረሩ ዘለዉ 5 ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ሮጀር ካርተር፡ ካብ ዓዲ እንግሊዝ፥ ጆንሰን ኣላስካ ሮይ፡ ካብ ኒውዚላንድ፥ ካምባ ጆዘፍ፡ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ፥ ግላቨት በንጃሚን ዶሚኒክ፡ ካብ ላይበርያ፥ ጆን ዶክስተል ኣንቶኒ፡ ካብ ትሪኒዳድን ቶበጎን ኢዮም።

እቲ ብስርዓት ኣስመራ ኣብ ልዕሊ'ዞም 5 ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ ክሲ ንገዛእ ርእሶም ኣብ ናይ ስለላ ስርሓት ተዋፊሮምን ንኤርትራውያን ውን ኣብ'ዚ ስራሕ'ዚ

ኣዋፊሮምን ዝብል ኢዩ።

ቅድሚ ሕጂ ድማ፡ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ጕረባብቲ ሃገራት ከሰጋግሩ ተረኺቦም ተባሂሎም ከምዝተኣስሩ ዝዝከር ኢዩ።

3. ካብ ሕብረት ኣውሮጳ ዝወጸ መግለጺ ብዛዕባ ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ እሱራት

11 ውሩያት ኣባላት ፓርላማን ኣባላት'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ እንኮ ሰልፊ ህግዲፍን ብ18 መስከረም 2001 ተኣሲሮም። ድሕሪ ቊሩብ መዓልታት ድማ፡ 10 ናጻ ዝኾኑ ጋዜጠኛታት ተኣሲሮም። ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዙ፡ ካልኦት ሰባት ውን፡ ኣብ ዘይተፈልጠ ቦታን ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ተኣሲሮም ይርከቡ።

ሽሕ'ኳ፡ ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ እንተላይ ሕብረት ኣውሮጳ፡ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ናይ ሰብኣዊ ማሕበራትን ትካላት ተደጋጋሚ ኣቤቱታ እንተቕረቡ፡ ሰማዒ ስለዘይረኸቡ፡ እቶም እሱራት ብዘይ ክስን ብዘይ ፍትሓዊ መስርሕ ናይ ፍርድን ኣብ ማእሰርቲ ተዳጕኖም ኣለዉ። እሱር ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ኣለዎ ዝብል ሕጊ'ኳ እንተሎ፡ ካብ'ዞም እሱራት እዚኣቶም ክሳዕ ሕጂ ኣብ ፍርዲ ዝቐረበ ባእታ የለን።

ሕብረት ኣውሮጳ፡ ነዚ ቅሉዕ ዝኾነ ግህሰት ናይ ሰብኣዊ መሰላት እናኾነን፡ ንመንግስቲ ኤርትራ፡ ብዛዕባ እዞም እሱራት እዚኣቶም ዝርከብሉ ቦታን፥ ናይ ኣተሓሕዛኦምን ናይ ጥዕናኦም ኩነታትን ዝርዝር መብርሂ ክህብ ይጽውዕ። ከምኡ ውን፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ወይ ክሲ ከቕርበሎምን ብቑዓት ጠበቓታት ኣብ ዝሳተፍሉ ፍርዲ ከቕርቦምን፤ ወይ ድማ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ቅድሚ-ኩነት ክፈትሖም ሕብረት ኣውሮጳ ደጊሙ ይጽውዕ። ስድራ ቤት እሱራትን ጠበቓታቶምን ባዕሎም ዝመረጽዎም ሓካይምን ክበጽሕዎም ክፈቅድ ኣለዎ። ኣብ ማእሰርቲ ክሳዕ ዘለዉ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብመሰረት'ቲ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐ፡ ንመትካላት ናይ ኣተሓሕዛ እሱራት ዝምልከት ውሳኔ 45/111 ናይ 14 ታሕሳስ 1990 ክናብዮም ይግባእ።

ሕብረት ኣውሮጳ፡ ብዛዕባ ሃለዋትን ኣተሓሕዛን ናይ'ዞም እሱራት ስለዘገድሶ፤ መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቶም ኣብ ኣስመራ ዝርከቡ መራሕቲ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ክራኸብዎምን፥ ሓቀኛ ኩነታቶም ክፈልጡን ከፍቅድ ደጊሙ ይጽውዕ።

ምሉእ ኣባልነት ኣብ ሕብረት ኣውሮጳ ዘይብለን ከም ቡልጋርያ፡ ሮማንያ፡ ክሮወሽያ፡ ዩጎዝላቪያ፡ ሪፑብሊክ ማሰዶንያ፡ ኣልባንያ፡ ቦስንያ ሀርሶጎቪና፡ ሞንተነግሮ፡ ሰርብያ፡ ኣይስላንድ፡ ሊሽንስታይን፡ ዩክረይንን ሞልዶቫን ውን ነዚ መግለጺ'ዚ ከምዝድግፋ ኣፍሊጠን ኢየን።

# ካብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ሀ. ኣብ መዳይ ህዝባዊ ምምሕዳር

ሀ.1. ህዝብን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን እተሳተፎ ብሪፈረንደም ዝጸድቕ ቀዋሚ ሕገ-መንግስቲ ምቛም፤

ሀ..2. ኣብ ኵሉ ጽፍሕታት ናይ'ቲ ስርዓት፡ ኣብ መትከል ዘይምእኩል ምሕደራ ዝተመርኮሰ፡ ፍትሓዊ ናይ ስልጣንን ሃገራዊ ሃብትን ምክፍፋል ዘዕቆበ፡ ብደረጃ ሃገር፡ ኣውራጃ፡ ወረዳ፡ ዓዲ፡ ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ትካላት ዘለዎ፡ ኣብዝሓ ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምቛም፤

ሀ.3. ሪፈረንደም፡ ከም ዲሞክራስያዊ መትከል፡ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ኤርትራ ሰፊሩ፥ ኣብ ንልዑላውነት ሃገርን ንልዑላውነት ሕግን ዝትንከፍ ጉዳያት ምጥቃም፤

ሀ.4. ኵሉ ዓይነት ህዝባዊ ምርጫታት ብስቱር ድምጺ ይኸውን። ምኽንያቱ ከኣ፡ እዚ ንኤርትራዊ ዜጋ ብናጻ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተጽዕኖ ድምጹ ንኽህብን ስለዘኽእሎ ኢዩ።